ሓዳስ ኤርትራ


መበል 35 ዓመት ቁ.287 ቀዳም 1 ነሓሰ 2026 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ተመኩሮ'ዶ ተመኩሮኻን

ገጽ 5
ዘይትወልዲ፧

ገጽ 8
ብግዝኣት ሕጊ፡ መን ኣብ ልዕሊ መን ክወሪዘ ይኽእል፧




ገጽ 11
ክረምታዊ ውድድር ግራስ ሩት ኣትለቲክስ ዞባ ማእከል ፈሊሙ



# 8ይ ዋዕላ ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን-ኣመሪካውያን ተዛዚሙ







"ጽኑዕ መሰረት - መቕድም ራኢ" ብዝብል ቴማ ካብ 28 ሓምለ ኣብ ዳላስ ክካየድ ዝቐጸ 8ይ ዓመታዊ ዋዕላ ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን-ኣመሪካውያን፡ ትማሊ ኣገደስቲ ውሳኔታትን ለበዋታትን ብምሕላፍ ተዛዚሙ።

ኣብ'ዚ 450 ወከልቲ ኣባላት ህግደፍ፡ ሃማደኤ፡ መንእሰያት ህግደፍ፡ ሕደርን ካልኦት ዕዱማትን ዝተረኽብሉ ዋዕላ፡ ኩለን ውዳበታት ሃገራዊ ሽማግለ ኣብ ዝቐረበ ዓመታዊ ጸብጻብ ደቂቕ ገምጋም ብምኽያድ፡ ንዝመጽእ ዓመት መሰረት ዝኾውን ሓሳባትን ለበዋታትን ኣፍሲሰን።

ዕውታት ኤርትራውያን ኣብ ትምህርትን ሞያዊ ብቕዓትን ንምድራኽ ኣብ ዝተታሕዘ መደባት ድማ፡ ዕውታት ኤርትራውያን መንእሰያት ንካልኦት ወፍተዮም ብእወታ ንምጽላውን ማእዘን ንምትላዝን ዝሕግዝ ሰፋሕቲ መግለጺታት ኣቕሪበም።

ኣብ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ሓላፊ ጨንፈር ምርምር ስነጥንታዊ ወርሻ ዶ/ር ጸጋይ መዲን ብምግዛ ኣብ ዝሾ ሰፊሕ ኣስተምህሮ፡ ኤርትራ ጥንታዊት ሃገር ምዃና ዘረጋግጹ፡ ብመጽናዕታዊ መርትዖታት ዝተሰነየ ዓሚቕ መብርሂ ሂቡ።

መሓዛ ኤርትራ - ሶማሊ ምህር ኣምባሳደር ዓሊ ፈቓ ብወገኑ፡ ንተራ ኤርትራ ኣብ ምርግጋጽ ሰላምን ልምዓትን ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ከምኡ'ውን ክብረታት ህዝቢ ኤርትራን መሪሕነቱን ኣብ ዝሾ መግለጺ፡ ተሞክሮ ህንጻት ሃገርን ሃገራዊ ሓድነትን ኤርትራ፡ ንመላእ ዞባናን ኣፍሪቃን መዋጽኦ ክኸውን ዝኽእል ህያው ኣብነት ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

ተሳተፍቲ፡ ኣብ ናይ መጻኢ መደባት ዘተኩረ ሰፊሕን ዓሚቕን ክትዕ ድሕሪ ምኽያድ፡ ውዳበታቶም ብምድልዳል መድረኽ ዝጠልቦ ሰፊሕ ሱታፌ ህዝቢ ኣብ መደባት ልምዓትን መኸተን ንምርግጋጽ ዘኽእል ውጥናት ሰራሕ ኣርቂቖም።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣቶ ብርሃ ጉብረሂወት ድማ፡ ዋዕላ ንትግባረ ዘቕረቦም መደባትን ሓሳባትን፡ ብማዜን መድረኽ ዝጠልቦ ናህርን ንኽትግበሩ፡ ኣድማዒ ሱታፌ ሞያውያን ኤርትራውያን ንምርግጋጽ ብዕቱብ ክሰርሕ ተላቢዩ።

ሓላፊ ውድባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ የሱፍ ሳይቕ ብወገኑ፡ ኣብ ትሕቲ ኣላይነት ሃገራዊ ሽማግለ ኤርትራውያን-ኣመሪካውያን ዝጥርፉ ውዳበታት፡ ርሒብን ኣሳታፍን መኣዲ ብምኽፋት ተሳትፎ ህዝቢ ከበርኹ ከምኡ'ውን ማሕበራዊት ደልዳሊን ኮማዊ ኣገልግሎታት ክዕዘዝ ጸዊዑ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ጸብለልታ ዝርኣያ ውዳበታት፡ መተባብዒ ሽልማት ተዓዲሉ።

# ማእከል - 2ይ እብረ ኣባላት 39 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ናብ ሳዋ ወሪዶም

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ካልኣይ እብረ ናይ'ቶም ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2026/2027 ኣብ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ-ይከኣሎ ዝጽንበሩን ኣብ መበል 39 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ግቡኦም ዝፍጽሙን ተመሃሮ 11 ክፍሊ፡ ትማሊ ዓርቢ 31 ሓምለ ናብ ሳዋ ወሪዶም።

እዞም ካብ ቤት-ትምህርቶም ዝተበገሱ ተመሃሮ ናይ 9 ኣብያተ-ትምህርቲ፡ መቐጸልታ ናይ'ቶም ብ27 ሓምለ ኣብ ቀዳማይ እብረ ዝወረዱ ተመሃሮ 13 ኣብያተ-ትምህርቲ'ዮም።

ኤረና ዝተወከሰቶም መማህራን፡ ተመሃሮ ንዓመት መመላእታ ኩለንተናዊ ምድላዋት ክካይዱ ምጽንሖም ብምጥቃስ፡ ንደርብ ዕማም ናብ ሳዋ ይወርዱ ብምህላዎም፡ ኣብ ሽቶኦም ኣተኩሮም ክሰርሑ ተማሕጺኖም።

ኣብ ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ማእከል ሓላፊ ምቁጽጻርን መቐጻዕትን ኣቶ ኢሳቕ ያቆብ፡ ካብ ምጽዓን ንብረት ኣትሒዞም ግቡእ ቁጽጽራዊ ስርሓት ከምዝተኻየደ ብምሕባር፡ ሳዋ ክሳብ ዝኣትዉ ብኣባላት ፖሊስ ትራፊክ ዞባታት ዓጀባ ጋሻ ከምዝተሰርዐ ገሊጹ።

ሓላፊ ምውፋር ኩባንያ መጉዓዝያ ሓራት ኣቶ ኣብርሃም ፍስሃጽዮን ድማ፡ ንተመሃሮ ዝጉዕዘ ኣውቶቡሳት ቴክኒካዊ ብቕዓተን ንምርግጋጽ ኣቕዲሞም መርመራ ከምዝተኻየደለን፡ ኣብ መገዲ ኬጋጥም ዝኽእል ዝኾነ ጸገም ንምፍታሕ ድማ ቴክኒሻናትን ተወሳኺ ኣውቶቡሳትን ሓቢርም ምስኦም ከምዝተጓዕዙ ኣፍሊጡ።

ኣብ ክልተ እብረ ዝወረዱ ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ 4,803 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከብኦም 8,548 ምዃኖም፡ ካብ ጨንፈር ትምህርቲ ዝተረኽበ ሓበሬታ የረድኣ።

ተመሃሮ ዞባታት ሰሜናውን ደቡባውን ቀይሕ ባሕሪ ደቡብ ጋሽ ባርካን ዓንሰባን ኣቐዲሞም ከምዝወረዱ ዝፍለጥ'ዩ።



ስእሊ፡ የውሃንስ መብርሃቱ

# ካፕቴን ጸጋይ ገብረመድህን ተሰዊኡ

ኣባል ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ኤርትራ - ገዳም ተጋዳላይ ካፕቴን ጸጋይ ገብረመድህን ገለኣ፡ ብ30 ሓምለ ኣብ መበል 85 ዓመት ዕድሚኡ ብሕማም ተሰዊኡ።

ኣብ ወርሒ ሎካቲት 1975 ናብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈን ኣብ 1986 ናብ ህዝባዊ ግንባር ዝተጸንበረን ተጋዳላይ ጸጋይ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ተዋጋኢ ሰራዊት፡ ክፍሊ ህዝቢን ኮሚሽን ምስናዕን፡ ድሕሪ ናጽነት ድማ፡ ኣብ መደበር ታዕሊም ሃገራዊ ኣገልግሎት - ሳዋ፡ ኮር 161፡ ስርሒት ዞባ 2፡ ካብ 2004 ክሳብ ዕለት መስዋእቱ ድማ ኣብ ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ኤርትራ ተመዲቡ፡ ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት ሓላፍነት ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ'ዩ።



ሰውእ ካፕቴን ጸጋይ ገብረመድህን፡ ብዓል-ሓዳርን ኣቦ ሓሙሽተ ደቅን'ዩ።

ስነስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ትማሊ 31 ሓምለ ፍርቂ-መዓልቲ ኣብ መካነ-መቃብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ኮርፖረሽን ዘራእትን ጥሪትን ኤርትራ፡ ብመስዋእቲ ገዳም ተጋዳላይ ካፕቴን ጸጋይ ገብረመድህን ዝተሰምዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱ፡ መቓልስቱን መሳርሕቱን "ጽንዓት ይሃብኩም" ይብል።

# ጸባ ጡብ ኣደ - ቀዳማይ ዋሕስ ጥዕና ህጻናት'ዩ

## ልዕሊ ክልተ ዓመት ንቐጽሎ

## (ዓለማዊ ቅነ ጸባ ጡብ ኣደ ካብ 1-7 ነሓሰ)

ጸባ ጡብ ኣደ፡ ብተፈጥሮ ንህጻን ዝተዳለወ፡ ኩሉ እንትናዊ ትሕዝቶኡ ዝተማልአ፡ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ምዕባለ ህጻን ዘኹልዕ፡ ንቀጻሊ ዕምሪ ህይወቱ ዘውሕስ ድንቂ ትዕድልቲ'ዩ።

ጸባ ጡብ ኣደ፡ ብደገ ዝኾነ ተወሳኺ ሓገዝ ዘየድልዮ ብተፈጥሮ ድሉው፡ ድሕኑን ውሑስ፡ ንህጻን ክሳብ ልዕሊ ክልተ ዓመት ዕድመኡ ኣገዳስነቱ ዘይጎድል ህያብ'ዩ። ካብ ዝተፈላለዩ ሕማማትን ረኽስታትን ብምክልኻል፡ ዕቤትን ሓንጎልን ካልእ ኣካላትን ኣብቲ ዝድለ ደረጃ ምዕባለ ክበጽሕ ወሳኒ ተራ ይጻወት። ብተወሳኺ ጸባ ጡብ ኣደ፡ ኣብ መንጎ ኣደን ህጻንን ጥቡቕ ፍቕርን ምቅርራብን ይፈጥር። ድሕሪ ሕርሲ፡ ማህጸን ቀልጢፉ ናብ ንቡር ክምለስ ይሕግዝ። ሓደጋ መንሸሮ ጡብን ማህደር እንቋቑሖን ወዘተ. ኣብ ምጉዳል ዓቢ ግደ ይጻወት፣ ብሓፈሻ ኣብ ጥዕና ኣደታት ቀሊል ዘይኮነ እጃም የበርክት።

ጸባ ጡብ ኣደ፡ ኣብ ህጻን ግቡእ ውጽኢት ክርክብ፡ ኣብ መጀመርታ ሽዱሽተ ኣዋርሕ፡ ዝኾነ ዓይነት መግብን ፈሳስን ዋላ'ውን ማይ ምውሳኽ ኣየድልን። ኣብ ሽዱሽተ ወርሒ. ግን፡ ምስ ዕድመኡ ዝሰማማዕ፣ ዝተመጣጠነ ተወሳኺ. መግቢ. ኂ ኂ ጸባ ጡብ ክሳብ ክልተ ዓመትን ልዕሊኡን ክወሃቦ ይግባእ።

ጸባ ጡብ ኣደ፡ ከምዚ. ኣብ ላዕሊ. ዝተዘርዘረ ጥቕምታቱን ኣገዳስነቱን ዓቢ. ካብ ኮነ፡ ብግቡእ ኣብ ተግባር ክውዕል ናይ ኣደ ሓላፍነት ጥራይ ኣይኮነን። ኩሎም ኣባላት ስድራቤት፡ ኣቦ፡ ኣቦሓጎ፡ ኣደዓባይ፡ ኣሕዋት፡ ኣሓት፡ መቕርብ መናብርቲ፡ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ሰብ ሞያ ጥዕና ኣብ ምትብባዕን ምስትምሃርን ግደኦም ክጻወቱ የድሊ። ኣብ ኮም ዝርከብ ጉጅለታት ኣደታት እውን፡ ብዛዕባ ጸባ ጡብ ኣደ ተመኩሮ ዝለዋወጡሉ መድረኽ ክፈጥራ የድሊ። ኣጥባወቲ ኣደታት፡ ኣብ ኩሉ ናይ ስራሕ ቦታ ጥጡሕ ባይታ እንተተፈጢሩለን ድማ፡ ኩሉ እዚ ተደማሚሩ፡ እቲ ዝድለ ውጽኢት ክሀብ ይኽእል።

ክሳብ ክልተ ዓመትን ልዕሊኡን ጸባ ጡብ ኣደ ተመጊቦም ዝዓበዩ ህጻናት፡ ብቐዳምነት ጥዕናኦም ዝተማልአ ስለዝኾነን ረብሓኡ ንስድራቤት፡ ሕብረተሰብን ሃገርን ዕዙዝ እዩ። በዚ ድማ እዩ እቲ ሓላፍነት ናይ መላእ ኣካላት ሕብረተሰብ ክኾውን ዝግባእ።

ሚኒስትሪ ጥዕና፡ መሪሕ ናይዚ. ጉዳይ'ዚ. ብምዃኑ፡ ገና ዕሸል ኣብ ማህጸን ካብ ዝተደኮነሉ ዕለት ጀሚሩ፡ ኣብ ልዕሊ. ኣደን ዕሸልን ወርሓዊ ክትትል እናተገበረ፡ ነፍሰ-ጾራት ብዛዕባ ጥቕሚ ጸባ ጡብ፡ ብቑዕ መረዳእታ ክህልወን ኣብ ትካላት ጥዕና ኣስተምህሮታት ክም ዝወሃብ ይገብር እዩ። ብተወሳኺ. ብመገዲ. መራኸቢ. ብዙሓን ኮነ ብካልእ ኣገባባት፡ ኣብ ስድራቤታት፡ ኮም፡ ሲቪካውያን ማሕበራት ጉስጓሳት ምኪያድ ጸቒጡ ዝሰርሓሉ ዘሎ ሓደ ካብ ዕለታዊ ንጥፈታቱ'ዩ። ምኽንያቱ ብኽንክን ዝዓበዩ ህጻናት ዋሕስ ቀጻሊ. ወለዶታትን ሃገርን ስለዝኾኑ።

**ሚኒስትሪ ጥዕና**

## ዜና

# ዓንሰባ - ተሓጋገዝቲ ፖሊስ ትራፊክ ኣብ ምንካይ ሓደጋታት ኣበርክቶ ይገብሩ

ቤት-ጽሕፈት ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ዓንሰባ፡ ህላወን ኣበርክቶን ተሓጋገዝቲ ፖሊስ ትራፊክ፡ ኣብ ምንካይ ሓደጋታት ኣበርክቶ ይገብር ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣባል ትራፊክ ዞባ ዓንሰባን መምህር ተሓጋገዝቲ ፖሊስ ትራፊክን ኣቶ ሓጎስ ገብረእዚኣብሄር ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ንኣስታት ክልተ ኣዋርሕ ካብ ዝተፈላለያ ናይ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝተዋጽኡ 45 ተመሃሮ፡ ስልጠና ወሲዶም ኣበርክቶ ይገብሩ ከምዝለዉ ኣብሪሁ።

እቲ ስልጠና፡ ንትጠቀምቲ ጽርግያ ብምምእዛን ተሽከርከርቲ ኣብ ሰብን ንብረትን ዘውርድኦ ዕንወት ንምግታእ ዝዓለመ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ኣባላት ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ዓንሰባ ብወገኖም፡ ንኣበርክቶ ናይ'ዞም ተመሃሮ ድሕሪ ምምጓስ፡ እቲ ስልጠና ኣብ ምክልኻል ትራፊካዊ ሓደጋታት ኣበርክቶ ስለዘለዎ፡ ኣብ ቀንዲ. ጎደናታትን መስቀላዊ ጽርግያታትን ተዋፊሮም ይሰርሑሉ ከምዘለዉ. ገሊጾም።



ናቕፋ፣ ማሕበርኹም ኤርትራውያን ኣብ ኖርዎፒንግን ከባቢኣን - ሽወደን 34,795 ናቕፋ፣ ነበርቲ ሽወደን ዝኾኑ 2 ዜጋታት 1,440 ዶላር ኣመሪካ፣ ከምኡ'ውን ስሙ ክጥቀስ ዘይደለየ ዜጋ 12,000 ናቕፋ፡ ንምንባይ ስድራ ስውኣት ኣበርኪቶም።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ፡ ብተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ማሕበራዊ ሱ-ፍልጠት ዝተገበረ ገንዘባዊ ደገፍ፡ ካብ 11 ምምሕዳራት ከባቢ. ንዝተለለያ 58 ስድራ-ስውኣት ተመቓሪሐ።

ብ25 ሓምለ ኣብ ዝተገበረ ናይ ምርኽኻብ ስነ-ስርዓት፡ ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ያቆብ እድሪስ፡ ምድጋፍ ስድራ ስውኣት ሕልናዊ ዕግበት ዝሀብ ዜግነታዊ ሓላፍነት ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ማሕበራዊ ሱ-ፍልጠት ንዘወሰድዎ ተበግሶ መጒሶ።

ዳይረክተር ቤት-ትምህርቲ ማሕበራዊ ሱ-ፍልጠት ናቕፋ ኣቶ የውሃንስ ቀለታ ብወገኑ፡ ዝተገበረ ደገፍ መልእኽቱ ረዚን ምዃኑ ብምግላጽ፡ ተመሃሮ ንስድራ ስውኣት ደገፍ ምግባር ካብ ዝጀመሩ፡ ዛጊት ኣስታት 400 ሽሕ ናቕፋ ከምእተዓደለ ገሊጹ።

ኣቶ የውሃንስ ወሲኹ፡ ምልጋስ ደምን ማሕበራዊ ንጥፈታትን እውን ካብ'ቲ ብተመሃሮ ዝትግበር መደባት ከምዝኾኑ ኣብሪሁ።

ደገፍ ዝተገበረሎም ዜጋታት፡ ካብ ምምሕዳራት ከባቢ. ባቅላ፡ ኣበሎ፡ ማሪት፡ ላቡ፡ ኣግራዕ፡ ሞጾ፡ በየን፡ እንድላል፡ ከምኡ'ውን ምምሕዳራት ከባቢ. 01ን 02ን ከተማ ናቕፋ ዝተዋጽኡ'ዮም።

# ንመሰሰኒ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታት ገንዘባዊ ወፈያ ተገይሩ

ንመሰሰኒ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታትን ምንባይ ስድራ ስውኣትን ገንዘባዊ ወፈያ ከምእተገበረ፡ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ሓቢሩ።

በዚ መሰረት፡ ኤርትራውያን ተቐማጦ ኤድመንተንን ከባቢኣን - ካናዳ 157,993 ናቕፋ፣ ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ኦረብሩ - ሽወደን ድማ 12,830 ክሮና ንመሰሰኒ ማዕከን ሕድሪ ሰማእታት ወፍዮም።

ብዘይካ'ዚ፡ ነበርቲ ጀርመን ዝኾኑ ዜጋታት 109,357 ዩሮ፣ ኣስማቶም ክጥቀስ ዘይደለዩ ዜጋታት 10,000 ዶላር ኣመሪካ፣ ማሕበርኹም ኤርትራውያን ኣብ ጁባለ - ሽወደን 4,000 ዶላር ኣመሪካ፣ ተቐማጦ ሉዘርን - ስዊዘርላንድ 41,229

# እምኒሓይሊ - ልዕሊ 80 መንእሰያት ብሞያ ሰልጢኖም

ኣብ ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ፡ ንልዕሊ. ሰለስተ ኣዋርሕ ብኽልሰ-ሓሳብን ግብርን ዝተዋህበ ሞያዊ ስልጠና ዝቐሰሙ 86 መንእሰያት ተመሪቖም።

እቲ ብምትሕብባር ሃማመተኤ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ቴክኖሎጂ ኮምፒዩተር፡ ደረቐን ተንቀሳቓስን ስእሊ፡ ከምኡ'ውን ምትካል ዲሽ ዘጠቓለለ ምንባሩ፡ ሓላፊ ቤት-ጽሕፈት ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መንእሰይ ሽዊት ወልዳይ ሓቢሩ።

ተመረቕቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ንዝቐሰምዎ ስልጠና ኣብ ረብሓኦምን ረብሓ ሕብረተሰቦምን ከምዘውዕልዎ ገሊጾም።

ግዝያዊት ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ እምኒ-ሓይሊ. ወ/ሮ ትርሓስ ፍቓዱ ድማ፡ ኣብ መንእሰያት ዝግበር ወፍሪ ውጽኢታውን ኣዕጋብን ንክኸውን፡ መንእሰያት ብብሞይኦም ኣበርክቶኦም ከዕዝዙን ንክባቢኦም ብእወታ ክጸልዉን ኣዘኻኺራ።

# ጎልጅ - ኣባላት ኮማዊ ፖሊስ ስልጠና ተዋሂቦም

መደበር ፖሊስ ንኡስ ዞባ ጎልጅ፡ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ. ንዝተጠርነፉ ወለንታውያን ኣባላት ኮማዊ ፖሊስ፡ ኣብ ስርሖም ዝሕግዞም ስልጠና ወዲቡ።

እቲ ስልጠና፡ ኣብ መንጎ ገበናት፡ በደላትን ሓደጋታትን ዘሎ ፍልልይ፣ ከምኡ'ውን ዝምድና ፖሊስ ምስ ኮማዊ ፖሊስ ብሰፊሑ ንምብራህ ዝዓለመ ምዃኑ ዝሓበረ ኣዛዚ. መደበር ፖሊስ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ተለንት ተስፋልደት ወልደሚካኤል፡ ኮማዊ ፖሊስ ኣብ ምኽባር ሰላምን ጸጥታን ዝምስገን ኣስተዋጽኦ ከምዘለዎ ኣብሪሁ።

ተለንት ተስፋልደት ኣብ መወዳእታ፡ ንኣገዳስነት ምሕያል ኮማዊ ፖሊስ ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ብህዝብን መንግስትን ንዝተዋህበሎም ሓላፍነት ብትግሃት ክተግብሩ ተላቢዩ።

ተሳተፍቲ ብወገኦም፡ ዝተዋህቦም ስልጠና ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታቶም ሓጋዚ. ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ተመሳሳሊ. ስልጠናታት ብቐጻሊ. ክውደብ፣ ከምኡ'ውን ግቡእ መምርሒ. ስራሕ ክወሃቦም ዝብል ለበዋታትን ርእይቶታትን ኣቕሪቦም።

ኣብ ንኡስ ዞባ ጎልጅ፡ ኣብ 16 ምምሕዳራት ከባቢ. ዝተጠርነፉ 352 ምዱባት ኣባላት ኮማዊ ፖሊስ ኣለዉ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም　ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ　ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቍ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ኵርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

## ተመኩሮይን ተመኩሮኻን

ሓደ እዋን፡ ሓደ ብዓል ሓዳርን ኣቦ ቈልዑን መንእሰይ ምስ ሓደ ነጨበረር ጕሮቤቱ የዕልሉ ነበሩ።

እዚ ኣቦ ካብተን ኣብ መዓልቲ ዝርከባ 24 ሰዓታት እተን ክልተ ሲሶአን ኣብ ስራሕ የሕልፈን። ነቶም ብንእስነቱ ዝወለዶም ቈልዑ፡ ዘድልዮም ክመልእ ካብ ስራሕ ኣየዕርፍን። እቶም ትምህርቲ ዝጀመሩ ክልተ ደቁ፡ ካብ ፈለማ ኣትሒዙ ናብ ትምህርቲ ዘተሓሕዞም ዘበለ ክገዝኣሎም ድሕር ኣይብልን። ንትምህርቲ ይጠቅም’ዩ ክብሃል ዝሰምዖ ገፋፊጡ እታ ጸባብ ገዛኦም ዓቕላ የጽብበላ። ኵሉ ዝከኣሎ፡ ንነብሱን ንኻልእን ነገራትን ሸለል ኢሉ ናብኦም የውዕሎ። ትምህርቲ ምስ ጀመሩ’ውን ደቁ ከም ድላዮም ደገ ወጺኦም ክጻወቱ ኣይፈቱን። ካብ ኣብ ደገ ክጻወቱ በቲ ናይቲ ትምህርቲ ቀንጠመንጢ ክጻወቱ ይምሕጸኖም። ትርፊ ግዜኦም ብኸንቱ ከይጠፍእን ትምህርቲ ክነፍዑሉን ኢሉ ከኣ ኣብ ገዛ መምህር ቈጺረሎም። ኣብ ቤት ትምህርቲ እተማህሩዎ፡ ብናይ ገዛ መምህር ይድገመሎም፣ ተወሳኺ ኣደኦም ትስልስሎም።

ነጨበረር፡ ንብርቱዕ ጸቕጢ ናይቶም ወለዲ ክርድኦ ኣይተሸገረን። እቶም ቈልዑ ኣብ ትምህርቲ ክንዲ ምንታይ ጽቡቕ ይስጉሙ ኣለዉ’ውን ይርድኦ እዩ። ግዳ ነቲ ከም ቈልዑ ክሓልፉዎ ዝግባኦም ዕድመ መኣስ ከም ዝሓልፉዎ የተሓሳስቦ ነበረ። ኣብ ደደረጃ ዕድመና ክንሓልፎ ዝግባኣና ተመኩሮ ንመጻኢ ህይወትናን ባህርናን ወሳኒ ምዃኑ’ውን ሳላ



ዘንበቦ ቀንጠመንጢ የስተውዕሎ’ዩ። ሓደ ሰንበት “በል ከናፍሰካ” ብምባል ነቲ ኣቦ ቈልዑ ሒዙዎ ይወጽእ።

“እዞም ደቀኻ ትምህርቲ ከመይ ኣለው፧”

“ድሓን’ዮም። ጽቡቕ ይኸዱ ኣለው። ግን ኣመና ንፉዓት ኣይኮኑን።”

“ስለምታይ ኢኻ’ባ ሰበይትኻ ንፍዕቲ መሃሪት ደቃ እንከላ መምህር ቈጺርካሎም፧ ብዘይካ ምስ ጥራዞም ክጻወቱ ርእየዮም ኣይፈልጥን’የ፧”

“ሓቅኻ፣ ንሳስ ብዓቕማ ትምህሮም እያ። ካብ ሕጂ ኣትሒዞም እንተ ዘይሒዞም ጽባሕ ሸለልል ክብሉዎ እዮም። ክገርመካ ኣነ ዝኸሰርኩዎ ዕድል ኣብ ደቀይ ክድገም ኣይደልን። ብጽጋብና ዘሸንዳሕናዮ ትምህርቲ ዋጋ ከኽፍለና ጀሚሩ ኣሎ። መማህርተይ ኣበይ ኣለው ኣነ ኣበይ ኣለኹ፧”

“እወ ግን ከኣ ኮካ ክሳዕ ትኽፈት’ያ ምስ ጋዛ ትጸንሕ እምበር፡ ሓንሳእ ምስ ተኸፍተት ጋዛ ቀልጢፉ’ያ ተጥፍእ። ኣነ ልክዕ ከምዞም ደቅኻ ካብ ትምህርተይ ንገዛይ፡ ገዛይ ኣትየ ናብ መጽናዕተይ፡ ካብ መጽናዕተይ ናብ ተወሳኺ ትምህርቲ፡ ክብል’የ መዓልተይ ዘሕልፎ ነይረ። ብዘይካ ጥራዝን መጽሓፍን ካልእ ዓለም ከም ዘይምልከተኒ ብጎቦ ዓይነይ ርእየዮ’የ ዝሓልፍ ዝነበርኩ። ቀስ ብቐስ ትምህርቲ ፍጊዕ ክብለኒ ጀሚሩ። እቶም ዝከታተሉኒ ዝነበሩ ወለደይ ንጥቕሞም እምበር ኣነ ንኽረብሕ ኢሎም’ዮም ኢለ ክሓስብ ኣይከኣልኩን። ኣብ 11 ክፍሊ ምስ በጻሕኩ፡ ናይቲ ካልእ ዓለም ጨራ ረኺበ። በቃ ከምታ እተኸፍተት ኮካ ፌሽ ኢለ፣ ፌሽ ኢለ። ኣብ ማትሪክ ከኣ ፈሺለ። ስለዚ ደቅኻ ክርኢ እንከለኹ ህይወተይ’የ ዝዝክር። ድሕሪ ሕጂ ንተመኩሮይን ተመኩሮኻን ሓዊስካ ደኣ ደቅኻ እለይ፡” በሎ።

***

## እቲዶ እቲ፧

ክራማት ድሕሪ ምእታዉ ከይተፈለጦም መስቀል ዝበርቆም ውሑዳት ኣይኮኑን። ናይ ዓመት መምሃሪኦም ክኣርዩ ላዕልን ታሕትን እናበሉ፡ ናይ ዓመት ቀለብ ሰድራኦም ዝኸውን ቀፎኦም ክመልኡ ላዕልን ታሕትን እናበሉ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ድኽመቶም ኣለልዮም፡ ኣብ ክራማት ደረጃኦም ከማሓይሹ እናጸዓሩ፡ ንዕብየቶም ዝሕግዝ ሞያዊ ትምህርቲ እናቐሰሙ ዝጸንሑ፡ እቲ ኣብ ውሽጦም እንከሎ ግዜ ዝኸልኡዎ ዝንባለኦም ከማዕብሉዎ እናመልመሉ፡ ከይተፈለጦም መስከረም ዘርክቦም ጻዕራማት ምርኣይ ልሙድ እዩ።

ብኣንጻር ናይዚኦም ክራምቲ ብዘይ ፍረ ዘሕልፉዋ እውን ውሑዳት ኣይኮኑን። ምዝንጋዕ ኣካል ገዛእ ነብስኻ ምዕባይ እዩ። ከምቶም ክልተ ዘዕለሉና ጕሮባብቲ ግን ክንከውን ጽቡቕ ዘይምዃኑ ተገንዚብናዮ ኣለና። በቲ ክትምሃረሉ እትኽእል፡ በቲ ክትዓብየሉ እትኽእል፡ በቲ ክትልወጠሉ እትኽእል፡ በቲ ኣእምሮኻ ክተስፍሓሉ እትኽእል እልቢ ዘይብሉ ምስ ቍምነገሩ ዘዘናግዕ መገድታት ክንጥቀም ይከኣል’ዩ። ፍልጠት ኣብ ቤት ትምህርቲ ጥራይ ከም ዘይርከብ ኣብ ክራማት ከነመስክር ንኽእል ኢና። ክረምቲ ኣበይ ከም እተሕልፉዎ ገለ እንዶ ዘይብልኩም ኣብ ዝመጽእ ባህ ዝብለኩም ኣልሹ። እቶም ድሮ መዲብኩም ዘለኹም ከኣ ኣብ መደብኩም ጸቒጥኩም ስርሑ። ከምቲ ዝተባህለ ግን ኵሉ ኣይብዛሕ፣ ምዝንጋዕ ከም ኣካል ስራሕኩም ውሰዱዎ። ስራሕኩም ከኣ ኣይትግደፉ፣ ክልተኡ ብሚዛን ዕየዩዎ። ርሑስ ክራማት!

## ንግንዛብ

## ጕዕዞና ከመይ ነበረ፧

ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመት ትምህርቲ ጕዕዞና ከመይ ምንባሩ ኣጸቢቕና ንፈልጥ ተመሃሮ ክንከውን ተስፋ ንገብር። በብግዜኡ ገምጋም ከይገበርና ንኸይድ እንተ ነበርና’ውን ግዜኡ ኣይሓለፈን። ኣብዚ ካብ ጽዑቕ ናይ ትምህርቲ፡ ከምኡ’ውን ናብራ ምናልባት፡ እተዛለቐ ግዜ ንኣቱ ስለ ዘለና ጕዕዞና ክንግምግም ዝበለጸ ግዜ ኣሎና። እሞ ጕዕዞና ከመይ ነበረ፧ ዘዕግበና ነጥቢ ኣመዝጊብናዶ፧ ካብቲ ኵሉ እተመሃርናዮ ክንደይ ሚእታዊት ብርድኢት ፈሊጥናዮ ኣለና ኢልና ክንግምት ንኽእል፧ ቤት ትምህርቲ ካብ ህጻንነትና፡ ሰድራና ክንከይድ ስለ ዘገደዱናን ዘልመዱናን ጥራይ ዲና ክንምሃር ጸኒሕና፧ ዋላስ ትምህርትን ፍልጠትን ንጥቕምና’ዩ ኢልና ኢና እንኣምን፧ ንስለ ደረጃ ምቝጻርዶ ተመላሊስናስ፡ ህይወትና ጣቋ ክንገበረሉ ጥሙሕ ስለ ዘሓዝና፧ ...

ገለ ተመሃሮ ክራማት ክመጽእ ብሃንቀውታ ይጽበዩ እዮም። እዞም ተመሃሮ እዚኣቶም፡ ንትምህርቲ ብግዴታ ክኸዱዎ ምስ ጀመሩ፡ ከይተፈለጦም ናይ ምርብራብን ምህዳምን ስምዒት ይወሮም። ኣይሰሙኑ ኣይወርሑ ትምህርቲ ምጅማሩ ድማ፡ “መኣስ እያ ወደይ እዛ ትምህርቲ ትዕጾ፧” ክብሉ ምምራር ይጅምሩ። ትምህርቲ እናዓመቑ ምስ ከደ፡ ምስቲ ማዕበል ናይቲ ተመሃራይ ተገፊጦም ይኸዱ። ኣብ ቅንያት ትምህርቲ፡ ንቤት ትምህርቶም ብዘይ ተፈለጦም መገዲ ይናፍቑዋ። በቲ ዝፈለጦም መገዲ ከኣ ይጸልኡዋ። እቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ምስ መማህርቶም ዝምስርቱዎ ዝምድናን ህይወትን ጽቡቕ ገይሩ የወልፎም። ቤት ትምህርቲ ሕልፊ ካልእ እዋን ሕሪሕራይ ገይሮም ይናፍቑዋ። ገዛኦም፡ ገዛውቶምን ዝውዕልሉ ቦታን የሰልክዮም። እዚታት ሒዙዎም ስለ ዝጸንሕ ከኣ ትምህርቲ ክዕጾ እንከሎ፡ ክልተ እተፈራረቐ ስምዒት ይህሉዎም። በቲ ሓደ ካብቲ “እዚ ዘይገበርካ፡ እቲ ዘይጸሓፍካ፡ እዚ ዘየጽናዕካ፡” ዝብል ዘረባ መምህራንን ኣለይቶምን ክዓርፈሎም ምዃኑ የሕጕሶም።

በቲ ካልእ ሸነኹ ከኣ እቲ ኣብ  ቤት ትምህርቲ መስሪቶሞ ዝጸንሑ ዝምድናን ህይወትን ክብተን ልዑል ተኽእሎ ስለ ዘሎዎ፡ ዘይከምቲ ኣብ ፈለማ ዓመት ‘ትምህርቲ መኣስ’ዩ ዝዕጾ፧’ ዝብል ዝነበረ ህንጡዩነቶም፡ ‘ትምህርቲስ ብኻ ቍሩብ ቀጺላ፧’ ክብሉ ይጅምሩ። ክራማት ከም ድላዮም ፌዕ ክብልሉ ምኳኖም ስለ ዝርድኦም ግን ክንድኡ ኣይጭነቑን። እቲ ንዝበዝሐ ኣዋርሕ ናይቲ ዓመት ናብ ቤት ትምህርቲ እተመላለሱዎ፡ ዘባኸኑዎ ግዜ፡ ዘውጽኡዎ ወጻኢታት፡ ንእኦም ተባሂሉ ህዝቢ ዘውጽኣሎም ወጻኢታት፡ ዕዮ ናይቶም ንእኦም ክብሉ ዝደኸሙ ሰድራ፡ ሓገዝትን መምህራንን፡ ... ኵሉ ተተሓሒዙ ውሕጅ ይወስዶ። ግዜ እቲ ክምለስ ዘይክእል ህያብ ናይ ተፈጥሮና እዩ። ንኹሉ ገግዜኡ ስለ ዘሎዎ፡ እቲ ኣብ ሓደ ዓመት ወይ ዕድመ ክግበር ዝግባእ ክግበር እንተ ዘይተኻኢሉ፡ ጽባሕ ተመሊስሉ ክገብሮ ክግድድ ይኽእል። ክትምለስ - ክትምለስ ንቕድሚት ከይከድካ ክትነብር’ውን ተኽእሎ ኣሎ። እዚ ናይ ክራማት ወቕቲ ከኣ ንገለ እዋን ካብ ጽዑቕ ንጥፈታት እልይ ኢልካ ክትሓስብን ክትውስንን ይሕግዝ እዩ’ሞ ተጠቐምሉ፣ ንቕድሚት ክስትጕሙዶ ትደልዩ ክትምለሱ፧

መም. ስተላ መሓረና


## ግድል

ንብልሒ ተመሃሮ ዝሕግዝ ኣዘናጋዒ ግድላት

### ■ በላሕቲ እንዲኹም...

እነሆ በሉ ፈተና!

■ ኣብዚ ቍጽርታት ዘሎ ዝምድና ብምምርማር፡ ነቲ ብምልክት ሕቶ ተወኪሉ ዘሎ ቍጽሪ ርኸቡ፧




## ልሙዳት ስሕተታት ኣብ እንግሊዝኛ

COMMON MISTAKES IN ENGLISH

MISUSED FORMS

THE USE OF A WRONG TENSE

1. Give a mark, not put a mark.

   Don’t say: The teacher put me a good mark.

   Say: The teacher geve me a good mark.

NOTE. Also avoid: “to put a lesson,” “to put a goal,” “to put punishment.” Say instead: “to give a lesson,” “to score a goal,” “to give punishment.”

2. A watch is slow or fast, not goes behind or in front.

   Don’t say: My watch goes two minutes behind.

   Say: My watch is two minutes slow.

NOTE. We can also say, “My watch loses or gains.”

ምንጪ፣ ካብ መጽሓፍ ‘COMMON MISTAKES IN ENGLISH’

## ጥቕሲ እዚ ሰሙን

“ናይ ሓሶት ጭብጥታት ንምዕባለ ስነ ፍልጠት ይጐድኦ እዩ፣ ኣረ ንነዊሕ ግዜ። ዘሰንዮ ጭብጢ ዘሎዎ ናይ ሓሶት ትዕዝብትታት ከኣ ብመጠኑ። ክልተኡ ሓሶት ምዃኑ ከተረጋግጽ እንከለኻ ዘሎ ንኣእምሮ ዝጠቅም ባህታ ግን ብዙሕ’ዩ።

- Charles Darwin

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

ፍረ ጻዕሪ
ሕርሻን መግብን
ሚኒስትሪ ሕርሻ

# መሓመድኬር ሙሳ

## ኣብነት ጻዕርን ሞሳን ዝኾነ ኣብነታዊ ሓረስታይ

ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ሓይነባ - ሕሸመለ ኣብ እተባህለ ዓዲ፡ ንጎቦን ስንጭሮን ኣደላዲሎም፡ ኣብ ሕርሻዊ ልምዓት ብምውዓል፡ ብኣርኣያነት ዝሰርሕ ዘሎ ኣብነታዊ ሓረስታይ መሓመድኬር ሙሳ፡ ዝሓለፎ ተመኲሮ፡ ጋዜጠኛ ብርሃነ ዓንደመስቀል ካብ ዘዘራረቦ ተጸሚቑ ቀሪቡ ኣሎ፣ ሰናይ ንባብ።



ኣቶ መሓመድኬር ሙሳ

መሓመድኬር ሙሳ ይብሃል። ኣብ ሓይነባ ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ ተወሊዱ ዝዓበየ እዩ። ንነዊሕ ዓመታት፡ መራሕ መኪና ብምዃን ይሰርሕ ነይሩ። ኣብ መራኽቢ ብዙሓን ብሚኒስትሪ ሕርሻ እናተዳለወ ኣብ ዝቐርብ መደብ ፍረ ጻዕሪ ዝሰምዖ ዝነበረ ዛንታ ኣብነታውያን ሓረስቶት፡ ቅዱስ ቅንኢ ከም ዘሕደረሉ ይዛረብ። በቲ ናታቶም ተመኲሮ ተሳሒቡ ድማ፡ ኣብ ሕሸመለ ሩባ ዝሓልፈሉ ቦታ ስለዝተዓዘበ፡ ኣብኡ ከልምዕ ከም ዝኽእል ብምእማን፡ ፍቓድ ዝምልከቶም ሓቲቱ ተፈቒደሉ'ሞ፡ ንስራሕ ሕርሻ ኣሃዱ ኢሉ ፈለሞ።

እቲ 'ሕርሻ ክገብረሉ እኽእል'የ' ዝበሎ ቦታ፡ ስንጭሮን ጎቦታትን ዝዓብለሎ ብምንባሩ፡ ከቢድ ዕዮ ይጽበዮ ከም ዝነበረ ኣይዘንግዐን። እቲ ስራሕ ኣብ 2005'ኳ እንተጀመሮ፡ ብዙሕ ከይቀጸለ ግን ኣቋረጾ። ኣብ 2015 ከኣ ከም እንደገና ከልምዕ ብምሕሳብ፡ ነቲ ስንጭሮን ጎቦታትን ንምድልዳል፡ ከቢድ ስራሕ ጀሚሩ። ንገሊኡ እናኾዓተ ክጸርቦን ክነድቖን፡ ንገሊኡ ድማ ሓመድ ክመልኦ ጀመረ። ሽቓሎ ወሲኹ ድማ ነቲ ስራሕ ከቀላጥፎ ከኣለ። ንጽንኩርነት ናይቲ ስራሕ ክገልጽ እንከሎ ሓረስታይ መሓመድኬር፡ እቲ ንሕርሻ ዝሓሰቦ ቦታ ገሊኡ ምስ ጎቦ ዝለገበን ክሳብ ጥሪት ክሓልፉሉ ዘይክእላን ቦታታት ከም ዝነበረ ይዝክር። 'ክገብር'የ' ንዝብል ውሽጣዊ ድሌት ዝዓገቶ ከም ዘየለ ዝጠቅስ ሓረስታይ መሓመድኬር፡ 500 ሜትሮ ርሕቀት ካብ ዘሎዎ ቦታ፡ ብመኪና ዝመጽእ ባህርያዊ ድኹዒ ብዓረብያ እናመላለሰ ብምድኳዕ፡ ነቲ መሬት ንልምዓት ድሉው ገበሮ።

ብዙሕ ሰብ፡ ነቲ ስንጭሮን ጎቦታትን ዝበዝሖ ከባቢ ስለ ዝፈልጦ፡ ንጻዕሪ ሓረስታይ መሓመድኬር ኣድናቖትን ደገፍን ክገብረሉ ከኣለ። ሓረስታይ መሓመድኬር ብወገኑ፡ ነባሮ ሕሸመለ ምሉእ ምትብባዕ ከም ዝገበሩሉን እቲ ሕርሻ ምስ ጀመሮ ኸኣ ንብዙሓት ተቐማጦ ናይ ሽቅለት ዕድል ከም ዝፈጠረሎምን ይሕብር።

ኣብ ሕርሻ፡ ሕቶ ማይ መሰረታዊ እዩ። እቲ ቦታ ውሑድ ማይ'ኳ እንተነበሮ፡ ምስ ምስፋሕ እቲ ሕርሻ ግን 'እኹል ትሕዝቶ ማይ ከውሕሰለይ ይኽእል'ዩ' ኢሉ ከም ዘይገመተ ዝገልጽ ሓረስታይ መሓመድኬር፡ "እቲ ዝኾነ ግን ብናይ ፈጣሪ ሓይሊ እዩ" ክብል ይጠቅስ። ሕርሻ ክጅምር እንከሎ፡ ምስ ኰነታት ማይ ኣተኣሳሲሩ ብመስኖ ከልምዕ እዩ ሓሲቡ ነይሩ። ምስ ፈተኖ'ውን ጽቡቕ ውጽኢት'ዩ ሂቡዎ። ኣብ ኣርባዕተ ቦታታት ባስካታት ኩዒቱ ብምስራሕ፡ ካብቲ ፈልፋሊ ማይ ናብ ሓደ ባስካ ብናይ መሬት ስሕበት ከም ዝመጽእ ገበሮ፣ ካብኡ እናጨንጐዐ ከኣ ነቲ ሕርሻ ከም ዘስትዮ ይሕብር። ብዙሕ ናይ ሞተረ ሓይሊ ክጥቀም'ኳ እንተዘይጸንሐ፡ ምስ ግዜ ግና ብፍላይ ኣብ እዋን ሓጋይ፡ ብሞተር እናጨንጐዐ ከስትዮ ከም ዝጀመረ የረድእ።

እዚ ኹሉ ጻዕሪ ገይሩ ከብቅዕ፡ ምስ ክኢላታት ሕርሻ ከይተማኸረ፡ ኣግራብ ኣራንሽን ለሚንን ከም ዝተኸለ ዝሕብር ሓረስታይ መሓመድኬር፡ 'ብዙሕ ኣይተዓወትኩን' ይብል። ዓበይቲ ኣግራብ ምስቲ ዘሎዎ ክሊማ ክሰማማዕ ስለ ዘይክእል፡ ኣብ ክንድኡ ድንሽ፡ ካውሎ ፍዮሪ፡ ኮመደረ፡ ቀስጣ፡ ዝኰኒ፡ ካውሎ ካቡቺ፡ ጉዕ-በርበረ ክዘርእ ከም ዝጀመረ ይገልጽ። ብተወሳኺ፡ ዘይቲ ቡን ከም ዝተኸለን ኣብ እዋኑ ጽቡቕ ፍርያት ከም ዝሃቦን የብርህ።

ሓረስታይ መሓመድኬር ኣዝዩ ጻዕራም ብምዃኑ፡ ኣብቲ ሒዝዎ ዘሎ ቦታ ኣብ መዓላ ዘይወዓለት መሬት የላን። ኣብቲ ኣኻውሕ እንተኾነ'ውን፡ ቁሩብ ጨዳድ እንተረኺቡ ቀላሚጦስ ከም ዝተኽለሉ ብምግላጽ፡ ኣስታት 1500 ቀላሚጦስ ተኺሉ ምህላዉ ብሓበን ይዛረብ።

ከባቢታት ንኡስ ዞባ ዓዲ ቐይሕ ብልምዓት ድንሽ ፍሉጥ ቦታ ከም ዝኾነ እዩ ዝንገር። ሓረስታይ መሓመድኬር ብዛዕባ ኣብ ዘርኢ ድንሽን ልምዓት ድንሽን ዘሎዎ ተመኲሮ ክገልጽ እንከሎ፡ "ቅድሚ ሕጂ ንዘርኦ ዝነበርና ድንሽ ብዙሕ ኣታዊ ኣይነበሮን፡" ይብል'ሞ፡ ካብ ዝኾነ ነጋዳይ ብስም ዘርኢ ድንሽ ካብ ኣስመራ ይገዝኡ ምንባሮምን ከም ዘይተዓወቱን ይዝክር። ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝወሃብ ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ ድሕሪ ምዝርኦም ግን፡ ከም እተዓወቱን ጻማኦም ከም ዝረኸቡን ይዛረብ። "መንግስቲ ንዝዓደለና ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ፡ ነቲ ክኢላታት ሚኒስትሪ ሕርሻ ዘስነቑና እኹል ኣስተምህሮን ምኽርን መሰረት ገይርና ሳላ ዝሰራሕና፡ እነሆ ጻማና ንረክብ ኣሎና፣" ክብል ይምስክር። እቲ ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ ንዝሃቦም ምህርቲ ክገልጽ እንከሎ ድማ፡ "ካብ 8 ኲንታል ዘርኢ ድንሽ፡ 130 ኲንታል ምህርቲ ረኺብናሉ፣ ኣልሓምዱሊላህ! ዝነበረ ዕዳታት እናዓጸና፡ ጥሪትና እናፋረና፡ ጽቡቕ ናብራ ነሕልፍ ኣሎና፡" ይብል። ሓረስታይ መሓመድኬር ብዘይካ ኣሕልምትን ፍረታትን ምልማዕ፡ ኣብ መፍረ ናይ ጸባ ከብቲ'ውን ፈተነታት ኣካዪዱ እዩ። ኣብዚ እዋን ከባቢ 8 ዝኾና ናይ ጸባ ከብቲ ይውንን። ክልተ ጽምዲ ብዕራይ ናይ ባርካ ድማ ኣለዉዎ። ድሒሩ ኣብ ዝጀመሮ ልምዓት ንህቢ'ውን፡ ካብ 22 ቆፎታት ንህቢ፡ ርቡሕ መዓር ከም ዝሓፍስ ይገልጽ። "ብዛዕባ ፍርያት መዓር እንተኾይኑ፡ ዝሓለፈ ግዜ የሕዝነኒ፡" ድሕሪ ምባል፡ ነቲ 22 ቆፎታት ንህቢ ብጅምላ ካብ ሓደ ኣቐዲሙ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ሰብ ከም ዝዓደጎን በዚ ረኺብዎ ዘሎ እቶት ዕጉብ ምዃኑን የረድእ።

ሕርሻዊ ልምዓት፡ ከቢድ ጻዕሪን ገዚፍ ርእሰ-ማልን ዝፈልጥ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ መወዳእታ ግን ፍረ-ጻዕርኻ ዝህብ ርጉጽ'ዩ፣ እዚ ብኣብነታውያን ሓረስቶት ኣብ እተፈላለዩ እዋናት እተረጋገጸ ሓቂ'ዩ። ሓረስታይ መሓመድኬር፡ ከም ጻማ ናይቲ ኣብ ሕርሻ ዝገበሮ ወፍሪ፡ ሓንቲ መንቀሳቐሲት መኪና፡ ዓባይ ማርቸደስ (ፍርያቱን ካብን ናብን ዘንቀሳቕሰላ)፡ ዓቢ መኻዚኖ ኣብ ጀርዲኑ፡ ክልተ መንበሪ ገዛ፣ ክልተ ማይቤት ናይ ከብቲ ሰሪሑን ኣጥርዩን ይርከብ። ዓስቢ ጻዕሪ ብዙሕ'ዩ።

ኣብ ኩሉ ንጥፈታቱ ተራን ኣበርክቶን ክኢላታት ሕርሻ ከም ዘይተፈልዮ ዝጠቅስ ሓረስታይ መሓመድኬር፡ ቀንዲ ምስጢር ናይ ዓወታቱ ትምህርትን ምኽርን ክኢላታት ሕርሻ ምዃኑ ይዛረብ፣ "ቀደም፡ ክንደይ ሕማማት ዝነበሮም ዘራእቲ ካብ ነጋዶ ገዚእና ንዘርእ ነይርና። ብዙሕ ክሳራታት ድማ ነይሩና። ሕጂ ግን፡ ብጻዕርና ጥራይ ዘይኮነ ብትምህርትን ምኽርን ክኢላታት ሕርሻ ኢና ክንዕወት ክኢልና" ይብል።

ከም ኣካል ናይቲ "ውሑስ መኣዛዊ መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!" ዝብል መሪሕ መትከል ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ኣብ መደብ ንርቃሕ'ውን ጽቡቕ ይዋሳእ ምህላዉ ይገልጽ ሓረስታይ መሓመድኬር። ንዝተዋህቦ ምኽሪ ኣተግቢሩ ብመስመር ስርናይ ብምዝራእ፡ ካብ ከባቢ 850 ትርብዒት ሜትር መሬት 20 ኪሎ ስርናይ ብምጥቃም፡ 6 ኲንታል ምህርቲ ከም ዝረኸበ የብርህ።

ኣብ መደምደምታ፡ ኣብ ከባቢኡ በቲ ንሱ ዝረኸቦ ዓወት ተተባቢዖም፡ ብዙሓት ጻዕራማት ሓረስቶት ፈርዮም ከም ዘለዉ ብምጥቃስ፡ ኣብ ሕርሻ ወፍሪ ብምግባር፡ ከምቲ ንሱ በጺሑዎ ዘሎ ጽቡቕ ደረጃ ክበጽሑ እምነቱን ትምኒቱን ይገልጽ። ንሕና'ውን ኣብ ናይ መጻኢ መደባቱ ዓወት ንምነየሉ።

ኣዲብ ዓብዱ



## መኣዛ ፍረ-ጻዕሪ

### ምድላው ሓምሊ - ካብ ዕምባባ ባናና

ዘድልዩ ጥረ ነገራት ዓቐንን

- 1 ማእከላይ ግዝፊ ዘለዋ ዕምባባ ክፋል ናይ ባናና
- 2 ማእከላይ ግዝፊ ዘለዎ ዓኻር ሽጉርቲ
- 4 ሓባ ማእከላይ ግዝፊ ዘለዎ ኮመደረ
- 80 ሚሊ. ሊተር ዘይቲ
- 1 ማንካ ጣውላ ሽጉርቲ ጻዕዳ
- 1 ማንካ ጣውላ ጉዕ በርበረ
- 1 ማንካ ሻሂ ሮዝማሪኖ
- 2 ማንካ ሻሂ ፐርሰሜሎ
- ጨው ከም ኣድላይነቱ
- 1 ማንካ ሻሂ ህሩድ

### ኣገባብ ኣሰራርሓ መግቢ

ዕምባባ ክፋል ናይ ባናና እቲ ላዕለዋይ ክፋል መሸፈኒኡ ኣሊና፡ ኣብ ቁሩብ ኣቾቶ ዘሎዎ ውዑይ ማይ ኣብሲልና ብደቂቕ ንመትሮ። ሽጉርቲ፡ ኮመደረ፡ ዘይቲ፡ ጉዕ በርበረ ብሓንሳእ ሓዊስና ንቐልዎ። ብምቕጻል፡ እቲ ዝበሰለ ዕምባባ ባናና ኣእቲና፡ ነወሃህዶ። ኣብ መወዳእታ ጻዕዳ ሽጉርቲ፡ ፐርሰሜሎ፡ ህሩድ፡ ሮዝማሪኖ፡ ኣእቲና፡ ድሕሪ ቁሩብ ደቓይቕ ኣውሪድና ንመግቢ ድሉው ንገብሮ።



ምንጪ፦ መወከሲ ጽሑፍ ወሰኽ ክብሪ ባናና

**ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!**

ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝዳሎ ዓምዲ - ለይ-ኣውት ግደይ ኢብራሂም - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 08371501 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሕቶ ሽባብ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጀምር፡ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቐምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ሕቶ ሽባብ" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጾስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

# ዘይትወልዲ፤

## "ሓዳር ክንገብር እንተ ኮይኑ ውላድኪ ምሳና ክኸውን የብሉን፡" ይብሉኒ።



ደዋሊት፥ ሄለው፡ ሃማመተኤ ምኽሪ ብተለፎን ድዩ፧

ኣማኻሪ፥ ጽቡቕ ኣለኺ። ናብ ሃማመተኤ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተለፎን ደዊልኪ ኣለኺ። መን ክብል፧ ካበይ ትኾኒ፧

ደዋሊት፥ ኣስማይት እብሃል፣ ካብ ከረን'የ ዝድውል ዘለኹ፧

ኣማኻሪ፥ ሕራይ ኣስማይት፣ ዕድመኽን ደረጃ ትምህርትኽንዶ ምሓበርክኒ፧

ደዋሊት፥ ኳል 34 ዓመት'የ፣ ደረጃ ትምህርተይ ድማ ቀዳማይ ዲግሪ ኣሎኒ።

ኣማኻሪ፥ የቐንየለይ ኣስማይት። ናብ መደወሊኺ ጉዳይ እንተ ኣተና እንታይ ይመስለኪ፧

ደዋሊት፥ ኣነ ዘረባ ሰብ ጸሊአ። እቲ ጉዳይ፡ ንቡር ፈቲነ፡ ሓደ ወዲ ምስ ወለድኩ'የ፡ ፍትሕ ኣጋጢሙኒ። ድሮ'ኳ ካብ ዝፋታሕ ሸሞንተ ዓመት ኮይኑ ኣሎ። ሕጂ ጸገም ኮይኑኒ ዘሎ፡ ዝኾነ ሰብ፡ ብፍላይ መሳርሕተይ ዘይትምርዓዊ እናበሉ ኣሸጊሮሙኒ። እቲ ዝገርመካ፡ "ዋላ ብዓል ሓዳር ይኹን፡ ሓደ ሃብታም ርእይ ኣቢልኪ ዘይትሕዚ። ከምኡ ኢልካ ኣይንበርን'ዩ፡" እናበሉ ሞራለይ ይትንክፉኒ። ሓዳርን ውላድን ክህሉዎ ዘጸልእ ሰብ ዘሎ ኣይመስለንን። ግና ሰብ ባዕልኻ ክትሰርሕ ኣይትኽእልን ኢኻ። ብወገነይ ዘይፍትን ኣይኮንኩን። ይኹን'ምበር ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ ኵሎም ንሓዳር ሓሲበ ዝቐርቦም ሰባት፡ በዚ በኹሪ ዓይነይ ዝኾነ ወደይ'ዮም ዝመጽኡኒ። "ሓዳር ክንገብር እንተኾይኑ ውላድኪ ምሳና ክኸውን የብሉን፡" ይብሉኒ። ኣነ ከኣ፡ ብዘይ ውላደይ ሓዳር እንታይ ይኾነኒ፧ ናተይሲ ዕድለይ'ዩ ምበልኩ፣ ወደይ ግና ብዘይ ብኣይ፡ ገጽ ዝተፈላለየ ሰብ ክርእን ክመሻኽንን ኣይደልዮን'የ።

ኣማኻሪ፥ እስኪ ብዛዕባ ህሉው ኩነታት መነባብሮኺ፡ ኣስፋሕ ኣቢልኪዶ ክትገልጽለይ፧

ደዋሊት፥ ሓዳርና ከይደልደለ እንከሎ'ዩ ተበቲኑ። ድሕሪ ፍትሕ፡ ኣነ ምስ ስድራይ'የ ዘለኹ። ሰሪሐ ስለ ዝኣቱ፡ ኣነ ሰሪሐ እድግፍ። ስድራይ ድማ ወደይ ይሕዙለይ። ተሓባቢርና ብሰላም ኢና ንነብር።



ኣማኻሪ፥ ወለድኺኸ ብኹነታትኪ እንታይ'ዮም ዝብሉ፧

ደዋሊት፥ ኣቦይ ኣብዚ ቀረባ እዋን፡ ሓጺር ግዜ ሕማም ኢሉ ብሞት ስለ ዝተፈለየና፡ ሓዘን ብዙሕ ኣይወጽኣልናን ዘሎ። ኣደይ ከኣ ድሕሪ ኣቦይ ብዙሕ ኣይጠዓየትን፣ ኩነታት የሻቕለኒ'ዩ። ወለዲ እሞ እንታይ ክብሉ'ዮም፧ "ውግን እንተ ትብለልና'ዮም፡" ዝብሉ። ከምዚ ኣቐዲመ ዝሓበርኩኻ፡ ሓደ ክልተ ፈቲነ ነይረ። ምስ ሓደ ሰብ ሓዳር ክንገብር መዓልቲ ምስ ተቖጽረ፡ ክወልድ ከም ዘይክእል ሓቢሩኒ። "ንምንታይ ደኣ ኣቐዲምካ ዘይትነግረኒ፡" ምስ በልኩዎ፡ "ስለ ዝፈተኹኺ ከይትርሕቕኒ ኢለ'የ፡" ኢሉኒ። ህርፋን ውላድ ስለ ዘሎኒ፡ ኣይተቐበልኩዎን። ካልእ ኣብ ሃገር ወጻኢ ዝነብሩ ሰባት ሕቶ ኣቕሪቦሙለይ ነይሮም'ዮም። ብዓልቤተይ ነበር ኣብ ወጻኢ ሃገር ስለ ዝቕመጥ፡ በዞም ናይ ወጻኢ ዝብሃሉ ሰባት ስለ ዝተደሃልኩ ኣይኣምኖምን'የ። ኣነ ጸሊአ ዘለኹ፡ ዝርከበ ሰብ "ዘይትወልዲ፤" እናበለ ክዋራዘየለይ እንከሎ'ዩ ደስ ዘይብለኒ።

ኣማኻሪ፥ ብወገንኪ፡ ዘረባ ናይዞም እትብልዮም ዘለኺ ሰባት ከመይ ትርድእዮ፧

ደዋሊት፥ ናይ ገለኦም ጽቡቕ ድሌት ክኸውን ይኽእል'ዩ። ናይ ገለኦም ግና ይብሃል'ዩ ኢሎም ድዮም ዝብሉ ዋላ ካልእ ክትርድኦም የሸግረካ። ሓንቲ መሳርሕተይሲ፡ "ኣንቲ መልክዕ ነባሪ ኣይኮነን። ንስኽስ እዚ ኵሉ መልክዕኪ፡ ዋላ ብዓል ሓዳር ይኹን ሓደ ሃብታም ርእይ ኣቢልኪ ዘይትወልዲ፡" ኢላትኒ። ዘረባኣ ቅጭ ስለ ዘምጽኣለይ፡ "እሞ ሰብኣይኪ ሃብታም እንድዩ፡ ካብኡዶ ክወልድ፤" ምስ በልኩዋ፡ መልሲ ከይሃበት ሃዲማ። ይገርም'ዩ፡ ብሰንኪ እዚ ዘረባ ሰብ፡ እንታይ ከም ዝገብር'ኳ ሓርቢቱኒ።

ኣማኻሪ፥ ኣስማይት፡ ናትኪ ድሌትክ እንታይ'ዩ፧ ሓዳር ድዩ ምውላድ፧

ደዋሊት፥ ሓዳር ደኣ ክብረት እንድዩ፣ ኳለንስተይቲ እንተ ወሊዳ ዳግማይ ሓዳር ክትገብር ቀሊል ኣይኮነን። ሎሚ እሙን ሰብ ክትረክብ ከቢድ'ዩ። ሓዳር ዘይብላ ኳለንስተይቲ ድማ ዝኾነ'ዩ ክደፍራ ዝደሊ።

ኣማኻሪ፥ ከምቲ ዝገለጽክዮ፡ ሕብረተሰብና ንብዓል ሓደር ዝህቦ ክብርን ሚዛንን ዓብን ሓደ ካብ መለክዒ ማሕበራዊ ደረጃን እዩ። ብተወሳኺ፡ ኣብ ርእሲ ሓዳር ምውልድ፡ ብሕጊ ከም ዘሕትትን ማሕበራዊ ክብሪ ዘጉድልን ምኻኑ ክስሓት ኣይግባእን። ብኻልእ ወገን፡ እምነት ዝነበረን ዘሎን ኩነት ደኣ'ምበር፡ ኣብ ሰብ ትማልን ሎምን ኢልና ፈላሊና ክንገልጽ ርትዓዊ ኣይኮነንን። ነፍሲወከፍ ወለዶ ነናቱ ሓያልን ድኹምን ጐድኒ ክህሉዎም ባህርያዊ'ዩ። እቲ ክንርድኦ ዝግባእ፡ ውልቃዊ ኣመለኻኽታ'ዩ። ኣብ ማሕበራዊ ህይወትና ዘበዝሐ እዋን፡ ዝሃብካዩ'ዩ ዝምለሰካ። ፍቕሪ ፍቕሪ ይወልድ፡ ጽልኢ ድማ ጽልኢ'ዩ ዝወልድ። ናይ ውልቅኻ እምነት ደኣ'ምበር እምነት ካልኦት ክትመዝን ኣጸጋሚ'ዩ። ስለዚ፡ ናይ ካልኦት እምነትን ሕልና ክትመዝንን ክትፍትሽን ዝጠፍእ ግዜ ክሳራ ከይከውን ምስትብሃል የድሊ። ምኽንያቱ ብዘየገድስ፡ ሓንሳእ ሓዳር ስለ ዘይሰለጠኪ፡ ዳግማይ ሓዳር ክትገብሪ ፍጹም ኣይክኣልን'ዩ ማለት ግና ኣይኮነን። ብውሑዱ ንኹነታትኪ ዝመስል ኩነት ዘጋጠሞ ሰብ ክህሉ ከም ዝኽእል ክስሓት ኣይግባእን።

ንገዛእ ርእስና እንህቦ ግንዛበ ኣብ ህይወትና ደራኺ'ዩ። ኣይክኣልን'ዩ ኢልና እንተ ኣሚንና፡ ካልእ ክንጽበ የብልናን። ስለዚ፡ 'ዳግማይ ክምርዖ ኣይክእልን'የ፡' ዝብል ሓሳብ እንተ ዓብሊሉኪ፡ ንኽትምርዓዊ ዝድርኽ ተግባራት ክትገብሪ ዝሕግዝ ኣይኮነን። ብኻልእ ወገን ንኹነታትኪ ብግቡእ ክርድኡ ምስ ዝኽእሉ ሰባት ምልዛብ'ውን ኣማራጺ ሓሳባት ንኽፍልፍል ሓጋዚ ስለዝኾነ፡ ኣብ ግምት ክኣቱ ይግባእ። ኣቐዲመ ብዘጋጠመኪ ኩነታት ክትሰናበዲ ባህርያዊ'ኳ እንተኾነ፡ ገለገለ ሰባት ብዝነብርሉ ከባብን ውልቃዊ ባህርያቶምን፡ ናይ ኵሉ ኣብ ከባቢኦም ዝነብር ባህሪ ክውክሉ ኣይክእሉን'ዮም። ምኽንያቱ ትሕዝቶ፡ ቦታን ማሕበራዊ ደረጃን ጸለውቲ'ኳ እንተኾኑ፡ ንባህሪ ወዲ ሰብ ብምልኣት ኣይገልጽ'ዩ። ስለዚ፡ ዘዋጽኣኪ ምምጣይ ደኣ'ምበር ሰባት ብኸባቢኦምን ውልቃዊ ባህርያቶም ኣሕቢርካ ምግላጽ ግጉይ'ዩ።

ደዋሊት፥ እንታይ ድዩ እቲ ጸገም መሲልካ፡ ዘረባ ሰብ ስለ ዝበዝሐ፡ እንታይ ዘይገበርኩ'የ እሞ እብል። ሓደ ሓደ ግዜስ '"ውለዱለይ" እናበልኩ ዘይከድኩ ድየ፧' እብል።

ኣማኻሪ፥ ሓደ ሓደ ግዜ፡ ሓደ ሰብ ንሓዳር ብቑዕ'ዩ ወይ በሲሉ'ዩ ኣብ ዝበሃለሉ እዋን፡ ኣብ ሓዳር ኣትዩ ዝያዳ ሓላፍነት ክስከም ተኽእሎ ኣሎ። ካብ ዝብል ባህግን ጽቡቕ ድሌትን፡ ሓዳር ክገብር ንምድፋእ ብዙሕ ጸቕጢ ይግበር'ዩ። ነዚ ዓይነት ኣበሃህላ ግና ቃል ብቓሉ ጥራይ ክትርድኦ ምፍታን ጉዳኢ'ዩ። እቲ ክውንነት ግና ናይ በሃሊኡ ሕልናን ድሌትን ዘይኮነ፡ ንኣኺ ዝህበኪ ትርጉምን ዘሎኪ ተኽእሎታትን ምፍታሸ'ዩ ዘገድስ። ኣነ እንታይ'ዩ ድሌተይ፧ ድሌተይ ብኸመይ ኣገባብ ክምለስ እኽእል፧ ምስ መን ክላዘበሉ፧ ዝብሉን ካልእ ኣገደስትን ሕቶታት ምምላስ ሓጋዚ ኣንፈት ክርከቦ ይኽእል'ዩ።

ደዋሊት፥ እሞ፡ ሕጂ እንታይ እንተ ገበርኩ'ዩ ዝሕሸኒ፧

ኣማኻሪ፥ ንኣኺ ዝሕሸኪ ልዕሌኺ ዝፈልጦ ሰብ ዘሎ ኣይመስለንን። ሕቶ ኮይኑኺ ዘሎ ጉዳይ ኣነጺርኪ ክትምልስዮ ይግባእ። ንገዛእ ርእስኺ ብሓዳርን ብዘይ ሓዳር ምውላድ ከመይ ትርእይዮ፧ ዘሎዎ ጽቡቕን ሕማቕን ጐድኒ እንታይ ይመስል፧ ካብ ዝሓለፈ ህይወተይ ተማሂረ እንታይ ዓይነት ናብራ'ዩ ዘድልየኒ፧ ምስ ከመይ ዓይነት ሰብ ምዝማድ'ዩ ዝሓይሽ፧ ንሕቶታተይ ብኸመይ መገዲ ክምለስ ይከኣል፧ ክሕግዘኒ ዝኽእል ሰብ መን ኣሎ፧ ዝብሉ ሕቶታት ብዕቱብ ምምላስ ኣገዳሲ'ዩ።

ደዋሊት፥ እንድዒ ወደይ ናብራ ዘየሸገረናስ፡ ዘረባ ሰብ!

ኣማኻሪ፥ ብሓባር ክሳዕ ዘለኻ ሰብ ክዛረበካን ክትዛረቦን ባህርያዊ'ዩ። ነፊኻ ምስማዕ ግና ንሰማዒኡ'ዩ ዝምልከት። ናይ ዝኾነ ሰብን ኵሉ ዓይነት ዘረባ ዋጋ ሂብኪ ክትሰምዕዮን ኵሉ ከም ዝምልከተኪ ጥራይ ከተስተንትንዮን፡ ኣገዳሲ ኣይመስለንን። እቲ ኣገዳሲ ንኣኺ ዘገድሰኪ ነፊኻ ምስማዕ'ዩ። እንተ ዘይኮይኑ ናይ ካልኦት ሰብ ኣተሓሳስባ ክትቈጻጸርን ክትመልኮን ስለ ዘይከኣል፡ ንምንታይ ከምዚ ሓሲቦም ኢልካ ምሽቓል ሳዕቤኑ ሕማም ጥራይ'ዩ ክኸውን ዝኽእል።

ደዋሊት፥ ሓቕኻ፡ ብዙሕ ግዜ ሒዘካ፡ ቍሩብ'ኳ ኣተንፈስ፡ የቐንየለይ!

ኣማኻሪ፥ ግቡእና'ዩ ዘሸግር ኣይኮነን፣ ገንዘብኪ ዝሓፍተይ።

ደዋሊት፥ ብሩኽ መዓልቲ።

ኣማኻሪ፥ ብሩኽ መዓልቲ ንኹልና።



# ምልኽታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

| Zara Mining Share Company | **VACANCY ANNOUNCMENT** |
|---|---|

| **Position:** | **Rigger/Rope man** |
|---|---|
| **Number required** | **01** |
| **Location:** | Based at Koka Gold Mine (Site) |
| **Reporting to:** | Process plant Maintenance General Foreman |
| **Job purpose** | To safely execute all rigging, lifting, and hoisting activities within the mine and processing plant, including the operation of mobile cranes, ensuring compliance with safety standards, lifting procedures, and operational requirements, and perform leading role in cranage section. |
| **Primary Responsibility & Scope of work** | **Rigging:**<br>• Perform safe rigging and lifting of equipment, structures, and materials<br>• Interpret and execute lifting plans, load charts, and rigging drawings<br>• Select appropriate rigging gear (slings, shackles, spreader beams, etc.)<br>• Inspect all rigging equipment before use and report defects<br>• Ensure proper load balance, sling angles, and lifting techniques<br>• Guide crane operators using standard hand signals or radio communication<br>• Continuously refine maintenance plans in alignment with industry and organizational requirements.<br>• Track trainee progress, benchmark performance metrics, and implement follow-ups when needed.<br>• Collaborate with industry, and Senior Engineers to update content.<br>• Maintain training records, competency matrices, and update curriculum to reflect plant modifications and new technologies.<br>• Promote a strong safety culture through instruction on confined space entry, working at heights, and lock-out/tag-out procedures.<br>**Mobile Crane Operation**<br>• Operate mobile cranes safely and efficiently within rated capacities<br>• Read and interpret crane load charts and lifting configurations<br>• Perform pre-start inspections and routine checks on crane equipment<br>• Set up crane safely (outrigger positioning, levelling, ground condition checks)<br>• Execute lifts in accordance with approved lifting plans and risk assessments<br>• Work closely with banksmen, supervisors, and engineers<br>**Safety & Compliance (Critical)**<br>• Adhere strictly to mine safety regulations, HSE policies, and lifting procedures<br>• Participate in pre-task risk assessments (JSA/TRA) and toolbox talks<br>• Ensure all lifts comply with critical lift requirements<br>• Identify hazards such as:<br>  o Overhead power lines<br>  o Ground instability<br>  o Load swing risks<br>• Stop work authority if unsafe conditions arise<br>• Maintain zero-harm mindset<br>• Follow site safety protocols and participate in risk assessments before work execution.<br>• Enforce regulatory compliance during work, training and ensure safe working conditions.<br>Equipment Inspection & Maintenance<br>• Inspect rigging gear and lifting equipment regularly<br>• Maintain crane cleanliness and operational integrity<br>• Report mechanical defects and follow up on repairs<br>• Maintain proper records of inspections and lifting equipment registers |
| | Team Collaboration & Reporting<br>• Work closely with technicians, engineers, and site supervisors.<br>• Maintain accurate logs of maintenance activities, inspections, and repairs.<br>• Train and mentor apprentices.<br>Budget & Cost Control<br>• Identify cost-saving opportunities in equipment usage, and spare parts procurement.<br>• Assist in preparing budget forecasts for training and maintenance.<br>• Track inventory and usage of materials to avoid overstocking or shortages.<br>• Recommend upgrades or replacements based on lifecycle cost analysis.<br>continued to page7 |

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ኣቶ ቦቆለ ኣስፍሃ እምባዩ፡ ወለደይ ኣስፍሃ እምባዩ ወልደማርያምን ተማዮሩ ኣስገዶም ሓድጉን ስለዝዮረፉ፥ ኣነ ምስ ናይ 2 መውትቲ ኣሕዋተይን 12 ተተኻእቲ ደቀምን ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ ን 8/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወረ/ነፍ/ለላ በርህ ሰዩም 1. ሚሪክል ቴድሮስ ከሱተ 2. ሚራና ቴድሮስ ከሱተ 3. ሚለን ቴድሮስ ከሱተ ሞዥት ቴድሮስ ከሱተ ኣስገዶም ተጸዋዕቲ ወረ/ነፍ/ለላ በርህ ሰዩም፡ ኣቤል ዓይናም ሙሴ፡ ንዓኸም ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ን23/9/26 ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይ ቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኽምሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

### 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዒላበርዒድ

ከሳሲት ሊልሳ ኣበርሀ ሓምድ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ፍጹም ናብነ ንገሱ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን 7/10/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይ ቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ።

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

continued from page 6

| | |
|---|---|
| **Knowledge & Skills Required:** | |
| **Formal Education, Certifications or Equivalents** | - Valid Rigger Certification<br>- Valid Mobile Crane Operator License 80T or above.<br>- Lifting equipment inspection certification (advantage)<br>- Working at Heights certification an added advantage.<br>- Scaffolding erection and inspection certification an added advantage.<br>- Basic First Aid (preferred)<br>- Minimum 10 years' experience in mining or heavy processing industries. |
| **Leadership Experience** | - Liaise with internal and external stakeholders in a professional and courteous manner and provide advice where required.<br>- Familiarity with best practices in Workplace Health and Safety and Environmental procedures and legislation policies.<br>- Strong troubleshooting and problem-solving skills.<br>- Excellent communication and leadership abilities.<br>- High commitment to HSE standards. |
| **Other skills and abilities** | **Strong knowledge of:**<br>• Rigging techniques and lifting practices<br>• Crane load charts and capacities<br>• Sling types, SWL/WLL calculations<br>• Ability to interpret:<br>o Engineering drawings<br>o Lifting plans<br>Familiarity with:<br>o Mining plant equipment<br>o Shutdown maintenance processes<br>• Ability to work independently in remote and harsh environments.<br>• Excellent communication and teamwork abilities.<br>• High attention to detail and commitment to safety.<br>• Physically fit and healthy.<br>• Strong communication and interpersonal skills.<br>• Team player<br>• Execute and deliver all work safely and to a high professional standard,<br>• Must be able to work and perform under pressure.<br>• Good verbal and written communication skills in English<br>• Flexibility to work outside of normal business hours if required.<br>• Must be able to work under minimum supervision.<br>• Perform any other duties as requested by your supervisor. |
| **Working environment:** | • Work is performed in outdoor and indoor mining environments.<br>• Exposure to noise, dust, diesel fumes, and extreme temperatures.<br>• May require shift work, including nights and weekends.<br>Physically demanding tasks including climbing, lifting, and confined space entry. |
| **Other information** | • To be able to pass a full Doctor's Physical examination.<br>• To be able to work on ZMSC's rosters. |
| **Salary:** | • According to Company's salary scale. |
| **Place of work:** | Zara Mining Share Company Koka Gold Mine,, Zoba - Gash Braka<br>Sub - Zoba Salea, |

**Additional Requirement for nationals**: - Having fulfilled his/her National Service obligations and provide evidence of a release paper from the Ministry of Defence. Having finished registration and duty performing for the National Army and present the release paper or registration card issued by National Army. Provide a Clearance paper from office of the Eritrean Police and present Medical Certificate from Hospital. Present Clearance paper from the current/last employer. Only short-listed applicants would be considered as potential candidates for an interview. Application documents will not be returned to the sender.

Please mail your applications to the **ZARA MINING SHARE CO P. O. Box 2393. Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:** - Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea. and Eritrea. Mineral Resources Management P. O. Box 272

**Deadline for application**: 10 days from the day of announcement.

ሓሳባት

# ብግዝኣት ሕጊ፡ መን ኣብ ልዕሊ መን ክወራዘ ይኽእል፤

2ይን መወዳእታን ክፋል

ሲራክ ክፍለ

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፣ እተን ናይ ልዕሊ ርብዒ መዋእል ግዝኣት ሕግን ደሞክራስን ኣለና ዝብላ ሃገራት ምዕራብ፡ ነተን ዘይማዕባ ዝብለአን ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ኣስያ፡ ላቲን ኣመሪካን ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ብዝተፈላለየ መልክዕ 'ግዝኣት ሕጊ የብለንን' ኢለን ከምዝውንጀልአን ጥራይ ዘይኮነ፡ ክንብ ዝተፈላለየ እጉዳታት ከም ዘንበራለን ድሕሪ ምግላጽ፡ ብመሰረት ጸብጻብ OECD ግዝኣተ ሕጊን እምነት ህዝቢ ኣብ ትካላት ሕግን ዝምልከት ጽሑፍ ኣቕሪብና ነይርና። መቐጸልታኡ ይስዕብ፥*

***

ኣብ ሃገራት ምዕራብ ብዙሓት ናይቶም 'ግዝኣት ሕጊ የለን' ዝብሉ ምስ'ቶም ኣብ ሃገራዊ ምርጫ ንውድድር ዝቐርቡ መራሕቲ፡ ኣዞሚድካ ምርኣዩ ሓጊዝ እዩ።

ኣብ 2024 ኣብ ዝተኻየደ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ኣመሪካ ኣስታት 152 ሚልዮን ኣድማጻም። ኣብ ምርጫ ዝተዓወተ ዶናልድ ትራምፕ ኣስታት 77 ሚልዮን ድምጺ ማለት 49.8% ድምጺ ረኺቡ። መወዳድርቱ ካማላ ሃሪስ፡ ኣስታት 75 ሚልዮን 48%.4 ድምጺ ረኺቡ። ኣብ 2024 ብዙሓ. ህዝቢ ኣመሪካ ኣስታት 340 ሚልዮን ነይሩ። ብኻልእ ኣበሃህላ ካብ ጠቕላላ ብዝሒ ህዝቢ ኣመሪካ ንፕረዚደንት ትራምፕ ዝመረጹ ኣስታት 22% ካብ ብዝሒ ህዝቢ ኣመሪካ እዮም።

ብመሰረት ጸብጻብ፡ ውድብ ቁጠባውን ልምዓታውን ምትሕብባር ሃገራት ምዕራብ፡ OECD (Organisation for Economic Co-operation and Development) ልዕሊ 40% ኣመሪካውያን 'ኣብ ሃገርና ግዝኣት ሕጊ የለን' ኢሎም ይኣምኑ። ብዙሓ ምርጫን ግዝኣት ሕግን ክንዛረብ እንተኾይንና፡ ሕጋዊ ተቐባልነት (legitimacy) ናይቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ስርዓት ኣብ ሕቶ ክኣቱ ምተገብአ። ንኣና ዝምልከት ግን ኣይኮነን።

እቲ ዝገርም ኣብ ሃገሮም ብህዝቦም ግዝኣት ሕጊ የለን እናተባህለ፡ እዞም ሕጋውነቶም ኣብ ሕቶ ዝኣቱ ስርዓታት እዮም ኣብ ኤርትራ ግዝኣት ሕጊ የለን ዝብሉ። ኣብ ኤርትራ ሓሓሊፉ ኣብ ፍትሓዊ ትካላት መንግስቲ ድኻሞት ጌጋታት ክረአ ባህርያዊ እዩ። ብዘየገድስ መሰክሪ ግን ህዝቢ ኤርትራ ከምቲ ናይ ህዝብታት ሃገራት ምዕራብ ልዕሊ 40% ግዝኣት ሕጊ የለን ኣይብልን እዩ።

ከም ኣብ ካልኦት ሃገራት ኣብ ኤርትራ'ውን ኣገባብ ፍትሒ ኣብ ክንዲ ኣብ ፍትሒ ተጠቀምቲ ዘተኮረ (people centred) ኣብ ኣገባብ ዘተኮረ (procedural) ዝመስሉ ኩነታት ኣሎ። ኣገባብ ፍትሒ ብባህርያቱ ከምኡ ስለዝኾነ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመታት ግን ኣብ ኩሉ ከባቢታት ናይ ሽምግልናን ዕርቅን ሽማግለታት ቀይመን መሰረታዊ ለውጢ የምጽኣ ኣለዋ።

ቀጺሉ እቲ ጸብጻብ፡ ምምራሕ፡ ምስግጋር ስርዓተ-ፍትሒ (Leading the transformation of the justice system) ኣብ ዝብል ክፋል፥

(1) "ኣገባብ ፍትሒ ብመሰረቱ ቀይርካ ግዝኣት ሕጊ ንምንጋስ፡ ራእይ ዘለዎ መራሕነት፡ ዘላቒ ፖለቲካዊ ተወፋይነት (commitment)፡ ካብቲ ንትካላዊ ኣገባብ ዘማእከለ ናብ ፍትሒ ንህዝቢ ዘማእከለ ማስርሒ የድሊ." ይብል እሞ፡ "እዚ ንምትግባር ብዙሓት ግዱሳት (stake holders) እንተላይ እቶም ኣብቲ ንቡር ኣሰራርሓ ፍትሒ ኢድ ዘይብሎም ምስታፍ ይሓትት። ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ክወርድ ዝጸንሐ ኣገባብ ፍትሒ ዳግም ተቐይሱ፡ ናይ ህዝቢ ጠለባት ዘማእከለ ኣገባብ፡ ከምኡውን ግብራውን ስምዒት ህዝቢ ብዝዕባ ርትዓውነት ዘማእከለ ሓድሽ ኣገባብ ምቕያስ ይግባእ። እዚ ንምትግባር ብሸርክነት ዝሰርሑ፡ ባህሊ ህዝቢ ጸቡቕ ዝርድኡ፡ ናይ ዝርርብን ኣፈታትሓን ግርጭት ብቕዓት ዘለዎም ሰባት ይሓትት።" ይብል።

**ብተዛማዲ ሃገርና ካብዚ እንታይ ንመሃር፤**

"ንሕብረተሰብ ንዘመናት ዘገልገለ ማሕበራዊ፡ ቁጠባዊ፡ ፖለቲካዊ እንተላይ ናይ ፍትሒ ኣገባብ ብመሰረቱ ንምቕያር ራእይ ዘለዎ ውፉይ መራሕነትን ዘላቒ ፖለቲካዊ ተወፋይነትን ይሓትት" ዝብል መግለጺ፡ ልክዕ እዩ። ወየ ድኣ ሕጂ ቁጠባውን ፖለቲካውን ቅልውላው ምስ ኣጋጠሞም ተረዲኦዎም ይዛረቡሉ ኣለዉ'ምበር፡ ህዝባዊ ግንባር ካብ ግዜ ቃልሲ ኣትሒዙ፡ ድሕሪ ናጽነት ከኣ መንግስቲ ኤርትራ ክሰርሓሉ ዝጸንሐ ጉዳይ እዩ።

ኣብዚ ዝሓለፈ 70-80 ዓመት ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ ነቲ ንልዕሊ ክልተ ዘመን ኣብ ምዕራብ ብዘገምታ ዝማዕበለ ማሕበረ ቁጠባውን ፖለቲካውን ሕሳባትን ኪደትን ከም ዘለዎ ክቕድሓኦ ፈቲነን ኣደዳ ድሕረት፡ ድኽነትን ምፍልላይ ህዝበን ገይሩወን እዩ።

መንግስቲ ኤርትራ ነዚ ምስ ኩነታትን መድረኽን ሃገርና ዘይከይድ ፍቱን ውዱቕ ማሕበረ ቁጠባውን ፖለቲካውን ሓሳባት ምዕራብ ንኸይ ገዲፉ ምስ ተመኩሮ ሃገርናን ህዝብን መድረኻን ዝኸይድ ማሕበራዊ ቁጠባዊ ፖለቲካዊ እንተላይ ፍትሓዊ ኣገባብ ቀይሱ ብዘገምታ የተግብሮ ኣሎ። እዚ ቅኑዕን ኣማራጺ ዘይብሉን ልኡላዊ ሓሳብን ኪደትን ንኤርትራ ግዳይ ፖለቲካውን ቁጠባውን እገዳን መቐጻዕትን ሃገራት ምዕራብ ገይሩዋ እዩ። ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ግን ኣየንበርከኾምን።

ሎሚ ምዕራባውያን ንህዝቢ ዘማእከለ ፍትሓዊ ኣገባብ ከተኣታትዉ ምድላዮም፡ ህዝባዊ ግንባርን መንግስቲ ኤርትራን ዝተኸተሉዎ ኣገባብ ፍትሒ ቅኑዕ ምንባሩ ምስክር እዩ።

ቀጺሉ ጸብጻብ OECD፡ ኣፍልጦ ሕጊ ምሕያልን ናይ ፍትሒ ሽግራት ምውጋድን (Legal empowerment and prevention of justice problems) ኣብ ዝብል ክፋል፥

(2) "ህዝብን ቢዝነስን ብዛዕባ ሕጊ ዘለዎም ኣፍልጦ ክብ ክበል እንተሎ፡ መሰሎም ክርድኡን ክሕልዉን፡ ግርጭት ከወግዱ ወይ ክንክዩ፡ ዘይምርድዳኦም ባዕሎም ክፈትሑ ዕድል ብምኽፋት፡ ኣብቲ ዕላዊ ቤት ፍርድታት ስራሕን ጸቕጥን ክንክዩ ይሕግዝ።" ይብል። ቀጺሉ፡ "ኣብ መንጎ ህዝብን ትካላት መንግስትን ዘሎ ናይ ዓቕሚ ጋግ (power gap) ብምጽባብ፡ ህዝቢ ካብ ትካላት መንግስቲ ዝረኽቦ ኣገልግሎት ክመሓየሽ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ትካላት መንግስቲ እምነት ክሕይል ይሕግዝ። ናይ ህዝቢ ኣፍልጦ ሕጊ ምሕያል፡ ማዕጾ ንግዝኣት ሕግን ምምሕያሽ ህይወት ሰባትን'ዩ።" ይብል።

ቀጺሉ፡ "ኣፍልጦ ሕጊ ብምሕያል ግዝኣት ሕጊ ንምርግጋጽ፡ ናይ ህዝቢ ኣፍልጦ ሕጊ ምኽዕባት፡ ፍትሓዊ ትካላት ንህዝቢ ብቀሊሉ ክፉት ምግባር፡ ናብ ምውጋድ ፍትሓዊ ጸገማት ምትካር፡ ትካላት መንግስትን ህዝብን ብሸርክነት ብምስራሕ ጸገማት ቅልቅል ክብሉ እንከለዉ ምፍታሕ የድሊ።" ይብል። ቀጺሉ፡ "መንግስታዊ ትካላት ፍትሒ፡ ፍትሓዊ ጸገማት ቅድሚ ምኽሳቶም ምውጋድ ከም ንቡር ስርሖም ኣይርእዩዎምን'ዮም ጸኒሖም። ፍትሓዊ ጸገማት ኣቐዲምካ ምእላዮም ግን ንውልቀሰባት፡ ኮማት፡ ቢዝነስ ጥራሕ ዘይኮነስ ንትካላት ፍትሒ'ውን ጾዕቒ ስራሕ ዝንክ እዩ።" ይብል።

"ሓቀኛ ሕጋዊ ጠለባት ህዝቢ፡ ከምኡ'ውን ዓቕምን ትጽቢትን ህዝቢ ዝርድእ ፍትሓዊ ትካላት መንግስቲ፡ ህዝቢ ዘማእከለ፡ ትጽቢት ህዝቢ ብልክዕ ዝርድእ፡ ጸገማት ቅድሚ ምዕራቦም ደው ዝብል ፍትሓዊ ኣገባብ ክቕይስ ኣሸጋሪ ኣይኮነን።" ይብል።

**ብተዛማዲ ሃገርና ካብዚ እንታይ ንመሃር፤**

ሚኒስትሪ ፍትሒ ኣብ መላእ ኤርትራ ብዓዲ ከባቢ ዓድን ደረጃ ዘተኣታተዎም ኮማዊ ሽምግልናን ዕርቅን፡ ፍትሓዊ ንቕሓት ህዝቢ ክብ ዝበለ፡ ፍትሓዊ ጸገማት ቅድሚ ምኽሳቶም ወይ'ውን ብቐልጢፍ ንክፍትሑ ዝሕግዝ ኣገባብ እዩ። እዚ ሎሚ ምዕራባውያን ኣብ ሃገራቶም ግዝኣት ሕጊ ንኸዕርዩ ይተኣታትዎ ዝብሉዎ ዘለዉ ኣገባብ ፍትሒ ኣብ ኤርትራ ንዘመናት ልሙድ ዝነበረ ድሕሪ ናጽነት ከኣ ምስ ዘመናዊ ሕጊ ተተሓሒዙ ክኸይድ ዝጸንሐ ዝማዕበለ እዩ። እዚ ኣብ ኤርትራ ዝጸንሐን ዘሎን ፍትሓዊ ኣገባብ ከኣ ብኣንጻር'ቲ ምዕራባውያን ኣንጻር ኤርትራ ዘካይድዎ ጠቕነታት ክረአ እንከሎ፡ ጸለመኦም ይኹን እገዳታቶም ንሓልዮት ህዝቢ ዘይኮነስ መንግስቲ ንምፍራስን ሃገር ንምርማስን ምኽንያት ንጹር ይገብሮ።

ቀጺሉ እቲ ጸብጻብ፡ ህዝቢ ዘማእከለ መንገዲ ፍትሕን ኣገልግሎትን (People-centered justice pathways and services) ኣብ ዝብል ክፋል፥

(3) "ህዝቢ ዘማእከለ መንገዲ ፍትሒ ንምትእትታው፡ መሰረታዊ ለውጢ ኣብ ኣገልግሎት ፍትሒ ብኸመይ ይቕየስን ይትግበርን ምፍላጥ የድሊ። ብዘውሓደ ኣገልግሎት ፍትሒ ህዝቢ ብቐሊሉ ብዝርደኦ ቋንቋን ብዘይሕልኽልኻትን ዝረኽበሉ፡ ብዓይኒ ህዝቢ ኣዕጋቢ ክኸውን ይግባእ።" ይብል።

ቀጺሉ፡ "ኣብ ኣዝዩ ብዙሕ ጉዳያት ፍትሒ፡ ግድን እዩ ልሙዳት ትካላት ፍትሒ (ቤት ፍርዲ) ጠበቓታት ኣድለይቲ ኣይኮኑን። ብካልእ ኣገባብ (ሽማግለ ኮማት) ምፍትሑ ውጽኢታዊ፡ ስሉጥ፡ ሕሱር ይኸውን። ገለ ሃገራት ካብቲ ልሙድ ናይ ቤት ፍርድን ጠበቓታትን ኣገባብ ወጺኦም ብሽምግልናን ዕርቅን ጉዳያት ይፈትሓ ኣለዋ።" ይብል።

**ብተዛማዲ ሃገርና ካብዚ እንታይ ንመሃር፤**

ኣብ ኤርትራ ፍትሒ ኣብ ህዝቢ ዘማእከለ ንክኸውን ካብ ግዜ ቃልሲ ይሰርሓሉን ይትግበርን ነይሩ። ኣብ 2015 ዝወጹ ሰቪላውን ገበናውን ሕግታት ኤርትራ፡ ካብ ግዜ ቃልሲ ኣትሒዙ ተመኩሮ ህዝቢ መሰረት ገይሩ ምስ ህዝቢ እናተዘተየሉ ዝማዕበለ እዩ።

ኣብ መጨረሻ ክፋል ናይ'ቲ ጸብጻብ፡ ምምሕዳራዊ ፍትሒ ኣብ ርክብ ህዝብን ትካላት መንግስትን (Administrative justice as the interface between people and institutions) ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ከምዚ ዝስዕብ ሓሳብ ሰፊሩ ኣሎ፥

(4) "ህዝቢ ኣብ መንግስቲ እምነት ኣብ ዘጥፍኣሉ ኩነታት ምምሕዳራዊ ፍትሒ ኣብ ህዝቢ ዘማእከለ ምግባሩ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ህዝባዊ ኣገልግሎት ንኣብነት ጉዳይ ኣባይቲ፡ ትምህርቲ፡ ሓለዋ ጥዕና፡ ካልእ ምስ ረብሓታት ህዝቢ ዝተሓሓዙ እቶም ቀንዲ ንህዝብን መንግስትን ዘራኽቡ ሃገራት እዮም። ህዝቢ እዚ (መባእታዊ) ማሕበራዊ ኣገልግሎት ብማዕሩ ዘይረኽብ እንተኾይኑ ኣብ መንግስቲ ዘለዎ እምነት ይንክ።"


ቀጺሉ እቲ ጽሑፍ፡ "ኣብ ሃገራት OECD ኣብ 2024 ዝተገብረ 'መጽናዕቲ እምነት' ከምዘረጋገጾ ህዝቢ ዘገድሶ እቲ መሰረታዊ ማሕበራዊ ኣግልግሎታት ኮይኑ ኣብ ትካላት መንግስቲ ዘለዎ ኣረኣእያ ከኣ ብዓብኡ በዚ ኣገልግሎታት'ዚ እዩ ዝጸሎ።" ይብል። "ብኻልእ ኣበሃህላ ህዝቢ ኣዕጋቢ ማሕበራዊ ኣገልግሎት እንተዘይረኺቡ እምነት ኣብ መንግስቲ የጥፍእ።" ኢሉ ደማ ይዛዝም።

**ብተዛማዲ ሃገርና ካብዚ እንታይ ንመሃር፤**

ሻዕብያ ካብ ግዜ ቃልሲ ኣትሒዙ፡ ድሕሪ ናጽነት ከኣ መንግስቲ ኤርትራ ማሕበራዊ ፍትሕን ሰብኣዊ ክብርን ንምርግጋጽ ብዕቱብ ሰሪሖሉ እዩ። ምዕራብ ብዛዕባ ስማዊ ፖለቲካዊ ደሞክራሲ ክሰብኩ እንከለዉ፡ መንግስቲ ኤርትራ ብዘይ ቁጠባዊ ደሞክራሲ ንበይኑ ፖለቲካዊ ደሞክራሲ ክሰስን ከምዘይክእል ብንጹር ይገልጽ። ሐደ መርኣያ ቁጠባዊ ደሞክራሲ ከኣ፡ እዚ ሎሚ ምዕራባውያን ዝዛረቡሉ ዘለዉ ማሕበራዊ ኣገልግሎት - ጉዳይ ትምህርቲ፡ ሓለዋ ጥዕና፡ መግቢ ወዘተ - እዩ።

ምዕራባውያን ሰብኣዊ መሰላት ዝበሉዎ "መሰል ምዝራብን ምጽሓፍን"፡ "መሰል እምነትካ ምቕያር"፡ ብዘጥዕሞም መንገዲ ተርጒሞም፡ ንኤርትራ ክጸልሙን ክእግዱን እንከለዉ፡ መንግስቲ ኤርትራ ኣብቲ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት ማይ፡ መግቢ፡ መጽለሊ፡ ጥዕና፡ ትምህርቲ ወዘተ ኣተኪሩ ይሰርሕ ነይሩን ይሰርሕ ኣሎን።

ሎሚ ምዕራባውያን ልዕሊ ስማዊ ፖለቲካዊ መሰላት መባእታዊ ህዝባዊ ኣገልግሎት ንህዝቢ ዝያዳ ኣገዳሲ ምዃኑ ተገንዚቦም ኣለዉ። መንግስቲ ኤርትራ ግን ብኣፍ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ተግባር፡ ካብቲ ኣዝዩ ተበዲሉ ዝነበረ ወሰናስን ጀሚሩ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንመላእ ህዝቢ ንምብጻሕ፡ ካብ ግዜ ቃልሲ ጀሚሩ ዝሰርሓሉ ዘሎ እዩ። በዚ ድማ፡ ህዝብን መንግስቲን ኤርትራ ኣብ ጉዳይ ግዝኣት ሕግን ሰብኣዊ ክብርን፡ ሞሳ'ምባር እገዳ ኣይግብኦምን እዩ።







## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ሃሎ ቈልዑ |
| 09:40 | ፓኖራማ |
| 10:15 | ጨፌራ ጥዕና |
| 11:00 | ለሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ሰነዳዊት ፊልም ትም ምባል ስለ ዝመረጸ (ድግም) 2ይ ክፋል |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:50 | መልሲ ኣብ ማስመር |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | መኣዝን |
| 17:35 | ሳይዳ |
| 18:40 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ሕደጋት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተክ ኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# ምንዳይ ሓቂ

## ራብዓይ ክፋል

“እግዚኣብሄር ይመስገን ማማ ጉያይ፡ ምስ ናሆም ወደይ እንዲና ከነዕልል ጸኒሕና፡ እንታይ እዩ ኣራኺብኩም፧” ወይዘሮ ህይወት እናተሰከፈት ሓተተት። ወይዘሮ ህይወት፡ ዝተማሃረትን መስተውዓሊትን ኣደ እያ። ንደቃ ብግቡእ እትኣሊ ስነ ስርዓት እተምህር ኣደ ድማ'ያ።

“ኣንቲ ህይወት ጓለይ፡ ኣነ ከምዛ ትፈልጥኒ መፍትሕ ናይ ገዛይ፡ ኣብዛ መስኮት እየ ገዲፈያ ዝኸይድ። ካብዛ መስኮት መፍትሕ ኣልዒሎም ድማ ኣብ ገዛ ኣትዮም። ብድሕሪኡ ድማ ኣብ ጣውላ ዝነበረት ዓሰርተ ናቕፋ ወሲዶማ። ካልእ ዝተላዕለ'ውን ይህሉ ይኸውን። መን ይፈልጥ ኢልክዮ ኢኺ። ናብ ሹቕ ክኸይድ ከለኹ ድማ ንናሆም ኣብ ኣፍ-ደገ ገዛኹም ገዲፈዮ ከይደ፣ ክምለስ ከለኹ



ከኣ ኣብኣ ጸኒሑኒ። ገዛ ምስ ተላዕለ ከኣ ንኡ ወሲድካዮ ኢለ ተማዒተዮ፡” ማማ ጉያይ እቲ መሲሉወን ዝተዛረበኦ ንህይወት ነገረታ።

“ማማ ጉያይ ከምኡ ክትብላ ሓቅኽን ኢኽን። እንተ ኾነ ግን መፍትሕ ኣብ መስኮት ከም እተቐምጥኦ ኩሉ ሰብ ይፈልጥ እዩ። ናብ ሹቕ በጺሕክን ክትምለሳ ሰለስተ ኣርባዕተ ሰዓታት ወሲዱልክን ኣሎ። ናሆም ድማ ክንደይ ግዜ ካብ ካንሸሎ ወጺኡ ተመሊሱ እዩ። ካብዚ ኩሉ ኣብዛ ካንሸሎ ዝነብር ሰብ ንናሆም ኢልክንኦ ኣለኽን። ነዚ ሓሲብክናሉ ዲኽን፧” ወይዘሮ ህይወት ህድእ ኢላ ሓተተት።

“ኣንቲ ህይወት ጓለይ፡ ንመን ደኣ እየ ክብል፧ ንሱ ኣብዛ ቅድመይ ስለ ዝጸንሓኒ እየ ከምኡ ኢለዮ፣ እምበር ምስ ተዛረብኩዎ'ኳ ጽቡቕ ኣይተሰምዓንን። ግን ከም ቈልዓ መጠን ድማ ኣበይ ክተርፍ ኢልኪዮ ኢኺ፡” ማማ ጉያይ ዝመሰለን ተዛረባ።

“ጽቡቕ ኣለኽን ማማ ጉያይ፡ ክንዲ ቈልዓ ኣይትምሕልን ኢኻ። እምበር ንሕና ዝከኣለና ንገብር ኢና። ዘይናቶም ከየልዕሉ ኩሉ ግዜ ኢና እንመኽሮም፡ ናይ ቈልዓ ነገር ግን ዝፍለጥ ኣይኮነን ሓቅኽን ኣለኽን። እንተ ኾነ ግን ናሆም ወድኽን ኣብ ኩሉ እዩ ዝጐየልክን። ንሱ እዩ ገዛ ዝሕልወልክን። ቅድሚ ሕጂ ከምዚ ገይሩ ይፈልጥ ድዩ እስከ ዝክር ኣብላ፧”

“ኣንቲ ጓለይ ሓቅኺ ኢኺ። ግን ምስ ጠፍኣካ ወይ ምስ ተረበሽካ ዘይትብሎ የብልካን። እምበር ከም ናሆም ገይረ እኳ ዝፈትዎ ዘይብለይ፡” ማማ ጉያይ ንናሆም ከምዝፈትውኦ ገለጻ።

“በላ ማማ ጉያይ ናሆም ወድኽን ስለ ዝኾነ ብሕማቕ ኣይትርኣይኦ፡” ካብ ገዛ ክትወጽእ ተበገሰት።

ማማ ጉያይ፡ “ሕራይ እዛ ጓለይ” ኢለን ካብ ገዛአን ክሳብ እትወጽእ ብዓይነን ኣፋነዋኣ።

ወይዘሮ ህይወት ናብ ገዛ ምስ ኣተወት፡ ንናሆም ኩሉ እቲ ምስ ማማ ጉያይ ዝተዘራረብኦ ነገረቶም። ናሆም ድማ ቀሩብ ፍኾስ በሎ። እንተ ኾነ ግን እቲ ሓቂ ከይተፈልጠ ከም ዘይድቅስ ምስ ነብሱ ቃል ኣተወ። ሰራቒ ክፍለጥ ኣለዎ ዝብል ኒሕ ድማ ሓዞ።

***

ሰኑይ መዓልቲ'ዩ። ናሆም ተመሃራይ ቅድሚ ቀትሪ ስለ ዝኾነ፡ ናውቲ ትምህርቲ ሒዙ ናብ ቤት ትምህርቲ ከደ። ሃገራዊ መዝሙር ድሕሪ ምዝማር ኣብ ክፍሊ ኣትዮም ክመሃሩ ጀመሩ።

ኣብ ሳልሳይ ክፍለ ግዜ መምህር ዳንኤል ናብ ክፍሊ ኣተዉ። መምህር ዳንኤል ፍቱው መምህር ናይ ምንባር ብሚላ እዮም። ሰላምታ ድሕሪ ምልጋስ ናብቲ ዝምህርዎ ኣርእስቲ ሰገሩ። ብዛዕባ ስነ ምግባር ምሂሮም ምስ ወድኡ ንተመሃሮ ሕቶ እንተለዎም ሓተትዎም።

ካብታ ኣብታ ክፍሊ ዝነበሩ ተመሃሮ ናሆም ንበይኑ ኢዱ ሓፍ ኣበለ። ናሆም፡ ኣብ ቅድሚት ኮፍ ስለ ዝብል መምህር ቀልጢፎም ረኣዩዎ።

መምህር፡ “ሕራይ ናሆም ሕቶኻ እንታይ እዩ፧” ብምባል ምቕልል ኢሎም ንኽሓትት ዕድል ሃብዎ።

ናሆም፡ “የቐንየለይ መምህር! ናተይ ሕቶ እንታይ እያ መሲልኩም። ንኣብነት፡ ሓንቲ ጐረቤትካ ንብረት ይስረቓ። ሰራቒ መን ምዃኑ ኣይፈለጠቶን፣ እንተ ኾነ ንስኻ ኣብ ቅድመኣ ስለ ዝጸናሕካያ፡ ከም ሰራቒ ሓሲባትካ ኣላ። ንስኻ ከም ዘይሰረቕካ ሓቢርካያ። እንተ ኾነ ግን ኣይኣመነትካን። ነዛ ሰበይቲ ሰራቒ ዘይምዃንካ ብኸመይ ከተእምና ትኽእል፧ እዚኣ እያ ሕቶይ የቐንየለይ፡” ሕቶኡ ኣቕሪቡ ኮፍ በለ።

“ገንዘብካ ናሆም። እዛ ሕቶ ምስዚ ሎሚ ክንዛረበሉ ዝጸናሕና ኣርእስቲ ትኸይድ እያ። ስለዚ፡ ነዛ ሕቶ መን ኣሎ መልሲ ክህበና ዝኽእል፧” መምህር ናብቶም ኣብ ቅድመኦም ዝነበሩ ተመሃሮ ኣተኮሩ። ዝኾነ ተመሃራይ ድማ ኢዱ ሓፍ ኣየበለን።

ይቕጽል...

# ፈስቲቫልን ኣብ ስነጥበባዊ ምርኢት ዝተሳተፉ ተመሃሮን

**ፍቱዋት ተመሃሮ፡ ኣብ ፈስቲቫል ኤርትራ 2026 ተሳቲፍኩም ክትኮኑ ተስፋ ንገብር። ንሎሚ ድማ መቐጸልታ ።ምስ ኣቕረብቲ መደብ ዝኾኑ ተመሃሮ ዘካየድናዮ ዕላል ይስዕብ። ሰናይ ንባብ!**

ስመይ ፋጥማ ዑመር ኣደም ይብሃል። ኣብ ጋሕቴላይ ተመሃሪት ሓምሻይ ክፍሊ እየ። ካብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ጋሕቴላይ ኣነባብራ ብሄረ ሳሆ ከርኢ መጺአ። ኣነ ዘርእዮ ዘለኹ ድማ ኣለባብሳ ብሄረ ሳሆ፡ ከምኡ'ውን ከመይ ጌርካ ከም ዝጸሓፍ የርኢ ኣለኹ። እዚ ዝጽሕፈሉ ዘለኹ፡ ብፈሓም ዝተሰርሐ መቕርኢ እዩ። ብዙሓት ሰባት ነዚ ዝሰርሖ ክርእዩ ከለዉ ተሓጒሶም ይርእዩኒ ኣለዉ። ተወሳኺ ከኣ ምሳይ ይሰኣሉን ይስእሉንን እዮም።




ኣነ ናብዚ ምስ መጻእኩ፡ ብዙሕ ተማሂረ ኣለኹ። ንኣብነት ናይ ትሽዓተ ብሄራት ኣነባብራ ክፈልጥ ክኢለ ኣለኹ። ተወሳኺ፡ ብዙሕ ዓይነት መግቢ ርእየን በሊዐን። እዘን ኣብዚ ዝሕለፍኩወን መዓልታት ኣብ ህይወተይ ፈጺመ ኣይርስዐንን እየ። ንኣለይትና ድማ ኣዝየ አመስግኖም።

ስመይ ኣክረም ሙሳ ሳልሕ ይብሃል። ኣብ ሓልሓል ተመሃራይ ሻድሻይ ክፍሊ እየ። ካብ ዞባ ዓንሰባ፡ ሓልሓል ዝብሃል ዓዲ መጺአ። ናብዚ ዝመጻኹሉ ምኽንያት ድማ ከም ቈልዓ ናይ ብሄረ ብሊን ኮይነ ክዋሳእ እዩ። ኣብ ብሄረ ብሊን እንጻወተሉ መጻወቲ፡ ኣልባሳት ከም'ውን ኣቀማቕማ ሒዘ ቀሪበ ኣለኹ። እዚ ብዕንጸይቲ እንጻወቶ ጸወታ ‘ማዳት’ ይብሃል። ቈልዑ ከምኡ'ውን መርዓውቲ ይጻወቱሉ እዮም። ንተዓዘብቲ፡ እዛ ጸወታ ምስ ኣርኣኽዎም፡ ጽንሕ ኢሎም ምሳይ እዮም ዝጻወቱ፣ ቀሊልን ጽቡቕን መጻወቲ እዩ። እዚ ተኸዲነዮ ዘለኹ ክዳውንቲ ድማ ብሄረ ብሊን ዝኽደንዎ ክዳን እዩ።



ኣብ ኤክስፖ፡ ካብ ሽዱሽተ ዞባታት፡ ትሽዓተ ብሄራት ብዙሕ ትምህርቲ ቀሲመ ኣለኹ። ቋንቋ ትግርኛ እውን ኣመሓይሸ። ካልእ ብዙሕ ዓይነት ጸወታታት ድማ ርእየን ተጻዊተን። ተሓጒሰ ድማ ምስ ኵሎም ብፍቕሪ ተጻዊተ።

ስመይ ፋጥማ መሓመድሑመድ ይብሃል። ኣብ ባልቃይ ከባቢ ሃይኮታ ተመሃሪት ሓምሻይ ክፍሊ እየ። ካብ ዞባ ጋሽ ባርካ፡ ባልቃይ ኣነባብራ ብሄረ ብዳውየት ከርኢ መጺአ። ከም ተለኣኣኺት ብሄረ ብዳውየት ኮይነ ድማ መጺአ ኣለኹ። ኣብ ብሄረ ብዳውየት መርዓት ናብ ኣንስቲ ብጓል እየን ልኡኽ ዝበጻጽሓ። ስለዚ ኣነ ድማ ካብ መርዓት ናብ ኣንስቲ፡ ካብ ኣንስቲ ናብ መርዓት እለኣኣኽ። ተወሳኺ ድማ እዚ ትርእይዎ ዘለኹም ኣከዳድና ብሄረ ብዳውየት ምስ ስልማቱ ተኸዲነ ምርኢት እገብር ኣለኹ። ብዙሓት ሰባት የዛርቡኒ ከምኡ'ውን ምሳይ ይሰኣሉ ኣለዉ። ኣነ ከኣ ደስ ኢሉኒ እገልጸሎም ኣለኹ።



ካብዚ ፈስቲቫል ብዙሕ ተማሂረ ኣለኹ። ምስ ብዙሓት ሰባት ተላልየ። ብዙሕ ዓይነት መግቢ በሊዐ። ብኡ ኣቢለ ድማ ከተማ ኣስመራ ርእየያ። ኣነ ኣዚየ ተሓጒሰ ኣለኹ።

# ደቂ ኣንስትዮ

ሃማደኤ

ሚርያም ዮሴፍ

## ሓይሊ መርፍእ



ኣብዚ እዋን ብርክት ዝበሉ መንእሰያት ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ኢደ ጥበባት ሞያ ተዋፊሮም፡ ብዙሕ ስርሓት የፍርዩ ኣለው። እዞም ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብዓይኑተይምን ዝሓልፎም ዓይነት ጥበባት እናማዕበሉን ተወዳደርቲ እናኾኑን ዝመጽኡ ዘለዉ ፍርያት ኣብ መንእሰያትና ዘሎ ዕቑር ክእለትን ሓይልን ዘንጸባርቑ እዮም። ቤተልሄም ዘወልዲ'ውን ኣብ ሓደ ካብቲ ልሙድ ዘይኮነ ስርሓት ኢደ ጥበብ ዝኾነ ናይ መርፍእ ቅብኣ እትፍጥር መንእሰይ እያ። ምስ ድሕሪ ባይታኣን ስርሓታን ዘላ ሓጺር ቃለ መሕተት ድማ ናፓኹም ኣብለ። ሰናይ ንባብ–

### ምስ ኣብሽኺ ከተላልዩና፧

ቤተልሄም ዘወልዲ እበሃል። ኣብ 1997 ኣብ ኣስመራ ተወሊደ ዓብየ። ምስ 28 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ናብ ሳዋ ወሪደ፣ ናብ ኮለጅ ዘእትወኒ ነጥቢ ስለ ዘረኸብኩ ድማ ኣብ ኮለጅ ቢዝነስን ማሕበራዊ ስነ ፍልጠትን ዓዲ ቀይሕ ኣትየ። ብዓውዲ ጂኦግራፍ፡ ናይ ቀዳማይ ዲግሪ ትምህርተይ ወዲአ። ናይ ስራሕ ተመኩሮይ ድማ ከም መምህር ኮይነ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ ይከኣሎ - ሳዋ ጀሚረ፣ ኣብዚ እዋን እዚ ድማ ኣብል ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ኮይነ እሰርሕ ኣለኹ።




ኺ ኺ ናይ ምምህርና ሞያኺ ዘለኺ ናይ ኢደ ጥበብ ንጥፈታት ኣብ ምንታይ ዘተኮረ እዩ፧

ዘሎኒ ዝንባለ ኣብ ቅብኣን ኢደ ጥበባትን እዩ። ኣብ ዝተፈላለዩ ትካላት ኣብ መንደቕ ዝሰኣሉ ቅብኣታት እሰርሕ። ብዘወሳኺ ብኢድ ዝሰርሑ ከም ቦርሳ፡ ናይ እዝኒ፡ ናይ ክሳድ፡ መፋትሕ፡ ወዘተ ዝኣመሰሉ፡ ኣብ ከባቢና ብቐረባ ብእንረኽቦም ጥረ ነገራት ዝፈርዩ ስርሓት ኣዳሉ። እቲ ሳልሳይ ድማ ናይ መርፍእ ቅብኣ እዩ። እዚ፡ ነቲ ዘሎኒ ናይ ቅብኣ ዝንባለ ካብቲ ብልሙድ ዝግበር ናይ ቅብኣ ቀለማት ወጺአ፡ ብመርፍእን ፈትልን ዝሰራሕ ቅብኣ እዩ። ኣብዚ ግዜ'ዚ ድማ ዳርጋ ብዙሕ ኣቓልቦ ህብ ዝሰርሓሉ ዘለኹ ሞያ እዩ።

ናይ መርፍእ ቅብኣታት ክትሰርሒ ዝደረኸኪ ምኽንያት እንታይ እዩ፧

መርፍእ መሓዛይ እያ፣ ምሳይ ዝዓበየት መሳርሒት'ውን እያ። ኣብ ግዜ ንእስነትና ብብዙሕ ኣቕሓ ንጻወት ኢና፣ ኣነ ግን ከም ቆልዓ ብኻልእ ነገራት ኣይተጻወትኩን። ካብ ንእስነተይ ኣትሒዘ ምስፋይ ኣዝዩ ይምስጠኒ ነይሩ። ይዝከረኒ ተመሃሪት ሳልሳይ ክፍሊ ከለኹ፡ ንኣደይ ቦርሳ ክትገዝኣለይ ሓቲተያ። ክሳብ ትገዝኣለይ ግን ክጸብ ኣይከኣልኩን። ኣብ ገዛና ዝነበረ ዝተፈላለየ ጨርቀ-መርቂ ኣከቢ ባዕለይ ቦርሳ ሰሪሐ፣ ሓዚየ ድማ ናብ ቤት ትምህርቲ ከይደ። ናይ ነገር ቆልዓ፡ ባዕለይ ሰሪሐ ኢለ ንመሃኖይ ከርኢ ኣዝዩ ባህ ይብለኒ ነይሩ። ባዕለይ ናይ ምስራሕ ተሓጎይ እኳ እንተ ኣውጸኣኩ፡ ካብ ቤት ትምህርቲ ግን ፍርቂ ንበረተይ እናውደቐኩ እየ ገዛ ተመሊሰ። ኣደይ ተመሳሲ ዝንባለ ስለ ዝነበራ፡ ንተበግሶይ ርእያ፡ ነቲ ቦርሳ ዳግማይ ኣተዓራርያ ኣዳልያትለይ። ናተይ ፍርያት ኮይና ትሰምዓኒ ስለ ዝነበረት ድማ ክሳብ 8ይ ክፍሊ ተማሂረላ።

ብድሕሪ እዚ ብኢድ ናይ ምስራሕ ዝንባለይ እናዓበየ መጺኡ። ኣደይ'ውን ተውህቦይ ርእያ፡ ናይ ስፌት ትምህርቲ ከም ዝመሃር ገይራ። ተመሃሪት ሻድሻይ ክፍሊ ከለኹ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዋርሳይ፡ ናይ ስፌት ትምህርቲ ጀሚረ። ኣብ ስፌት ልዑል ድሌት ስለ ዝነበረኒ፡ ካብ መምህረይ ዝኾነ ነገር ክሓልፈኒ እደሊ ኣይነበርኩን። መሰረታዊ ቅዲ ኣሰፋፍያ ክሕዝ ድማ ኣኽኢሉኒ። ካብ ትምህርቲ ጥራይ ዘይኮነ ግን፡ ካብ ኣደይ'ውን ብዙሕ ተመኩሮ እየ ቀሲመ። ክሳብ ናብ ሳዋ ዝኸይድ ድማ ኣብዚ ሞያ ደሓን ሰጉመ።

### ናይ ቅብኣ ዝንባለኺ ኸ መዓስ ዝጀመረ እዩ፧

ናይ ቅብኣ ዝንባለይ'ውን ካብ ብንእስነተይ እየ ጀሚረዮ። ቅብኣ ንዝነበረኒ ባህርያት ከም ግብረ መልሲ ኮይኑ ዝጀመረ ሞያ እዩ። ንእሽተይ ከለኹ ናይ ምርሳዕ ባህርያት ነይሩኒ። ብፍላይ ተመሃሪት መጀመርታ ደረጃ ከለኹ፡ ሓንሳብ ዝተመሃርኩሉ ክፍሊ ካልኣይ መዓልቲ ክደግሞ ይሸግር ነይሩ። ናብ ትምህርቲ ምስ ከድኩ፡ ኣብ ዘጋጠመኒ ክፍሊ ኣትየ እመሃር፣ መምህራነይ'ውን ክፍለይ ከለለ፡ ኣብ ክፍለይ ክመሃር ቀጺሎም ተሓላሊዎም እዮም። ነዚ ዝበረኒ ጸገም ንምፍዋስ ድማ፡ ክፍለይ ክሰኣሎ ጀሚረ። ናብ ትምህርቲ ኣብ ዝመጽኣሉ ግዜ ነቲ ክፍሊ ክዝክረሉ ዝኽእል መለለይታት ኣብቲ ስእሊ እገብር እሞ፡ ሽዑ ብዘይ ጸገም ናብ ክፍለይ ክኣቱ ጀሚረ። እዚ ጸገም ንምፍዋስ ኢለ ዝጀመርክዎ ሜላ ድማ ምሳይ ዓብዩ፣ ናብ ሞያ ተቐይሩ።

### ስለዚ መርፍእን ቅብኣን መዓስ እዮን ተላጊበን፧

ነቲ ብመርፍእ ናይ ምስፋይን ናይ ቅብኣን ዝንባለይ ኣዋሲበ ናይ መርፍእ ቅብኣ ክዓልወሉ ዝጀመርኩ ኣብ 2021 እዩ ነይሩ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ከቢድ ናይ ጥዕና ጸገም ኣጋጢሙኒ ነይሩ። ብቐንዱ ድማ እዋን ኮሮና ስለ ዝነበረ፡ ኣብ ገዛ ኮፍ ኢለ ዘሕለፍኩ ዝነበርኩ ግዜ በዚሑኒ ነይሩ። በዚ ክልተ ምኽንያት ዝተፈጥረ ጸምዋ ድማ ምስ ነፍሰይ ብዙሕ ግዜ ከሕልፍ፡ ብመገዲ ናይ ቅብኣ ስርሓተይ ኣብለ ምስ ውሽጠይ እሂን ምሂን ክበሃሃል ካብ ዘኽእለኒ ሜላ እዩ ነይሩ። ስለዚ፡ ንዝተፈላለዩ ስምዒታት ብመርፍእን ፈትልን ገይረ ቅብኣታት ክዓሉ ጀሚረ። ምስ ግዜ ከኒታት ጥዕናይ እናተመሓየሸ ምስ መጸ፡ እዚ ስራሕ ዝያዳ ብዕቱብ ክሰርሓሉን ክምስጠንን ጀሚረ።

ኣብ ማሕበር ዲዛይነራት ኤርትራ ኣብ ዝበረ መደብ ድማ፡ ሓንቲ ኣብ ተመሳሳሊ ስራሕ እትግደስን እትፍጥፍን ሰብ ረኺበ፡ ብሓባር ናይ መርፍእ ቅብኣ ክነቕርብ'ውን ተረዳዲእና። እንተኾነ፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ንከባቢ ኣርባዕተ ዓመት ክንገብሮ ኣይከኣልናን። ኣብ 2026 ግን ናተይ መደብ ክገብር ወሲነ። እቲ ስራሕ ንዊሕ እዋን ብሓንሳብ ዝዘተናሉ ብምንባሩ፡ ንበይነይ ምግባረይ ባህ ኣይበለንን። ግን ክኸውን ስለ ዝነበሮ፡ ኮይኑ። ኣብ ሚያዝያ 2026 ድማ ፈላሚ ምርኢተይ ኣቕሪበ።

ነቲ መደብ ንምድላው ሓደ ሓደ ሕጽረታትን ብድሆታትን ነይሩ እዩ። ገለ ጋለሪታት ነዚ መደብ እዚ ከኣንግዳ ፍቓደኛታት ኣይነበራን። ኩሉ ግዜ ንሓደሽ ስራሕ ሰብ ቅልጥፍ ኢሉ ስለ ዘይለምዶ፡ ነቲ ልሙድ ናይ ቅብኣ ፍርያት እዩ ዝመርጹ። ስለዚ፡ ምስ ብጾይተይ፡ ዓይነት ናይ ስራሕና ንሱብ ኣብ ምልላይ፡ ንመደብትና ዝኸውን ቦታ ኣብ ምምራጽ ብድሆታት ነይሩና እዩ። እዚ እናኾነ ግን ብውልቀይ ካብ ስራሕ ኣየቋረጽኩን። ነቲ ኣብ ሚያዝያ ዘቕረብኩዎ ምርኢት ድማ ኣብ ሰገን ጋለሪ ክደግሞ ዕድል ረኺበ፡ ስነ ጥበባዊ ብርኻ ኣዶናይ፡ ብጸቡቕ መንፈስ ተቐቢሉ ኣተባቢዑኒ፡ ፍርያተይ'ውን ናብ ህዝቢ ከቕርብ በቒዐ። ሐሪዮ ዝቐረብኩ ፍርያት'ውን ኩሉ ንዕዳጋ በቒዑ፡ ዳርጋ ዕውት ዝኾነ መደብ ኣካይደ እየ ዝብል።

### ዝጠዛለ ስርሓትኪ ንምንታይ ዝውክል እዩ፧ ካብ ከመይ ዓይነት ድርኺት ዝተበገሰ እዩኸ፧

መብዛሕትኡ ፍርያተይ ንናይ ገዛእ ርእሰይ ውሽጣዊ ሓሳባትን ድርኺትን ዘንጸባርቕ እዩ። ኣነ ብባህረይ ሱሓቒት እየ። ኩሉ ግዜ ፍሽኽ ክብል እየ ዝመርጽ። ኣብ ስርሓተይ ድማ ናይ ሓጎስ ስምዒት ከንጸባርቕም እፍትን እየ። ሓጎስ ብኸመይ ንገልጾን ነስተማቕሮን ክፈላለ ይኽእል እዩ። ካብ ተዓዘብቲ'ውን ዝተፈላለየ ሕቶታት ይመጽኣኒ እዩ። ኩልና ዘለና ጥርዚ ናይ ሓጎስ ስምዒት ግን ዝተፈላለየ ክኸውን ይኽእል። ስለዚ፡ ኣነ ንትርጉም ሓጎስ ዝገልጹሉ ቅብኣታት ነቲ ናተይ ናይ ሓጎስ መረዳእታ ዘንጸባርቕ እዩ።

ንቕጻልነት ናይ ስራሕ ዝገልጽ ቅብኣታት'ውን ኣሎኒ። ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን እዋን ምንባር መታን ክንቕጽል፡ ክንሰርሕ ኣሎና። ንኽንሰርሕ ድማ ኩሉ ግዜ ንቑሓት ክንከውን ኣሎና። ደርሆ ወጋሕታ ክንቁ ከሎ፡ ነቲ ብቐጻሊ ብልሙድ ዘሰላስሎ ስራሕ እዩ ዘንጸባርቕ። ኩሉ ግዜ ንቑሕ ምዃኑ ስራሕካ ዘይምጉዳፍን ምቕጻልን ዘንጸባርቕ እዩ።

ኣብ ሂወት ዝረጋጥመና መድረኻት ብምስትንታን እንሓልፎ እዋናት ኣሎ። ብመገዲ ሻምብቆ ክወክሎ ዝመረጽኩ ስራሕ እዩ። ሂወትና ብዙሰፉ እንኸዶ መስርሕ ምኳኑ ንምግላጽ ዝተጠቐምኩሉ ጸብ ናይ ምሕቛን ቅብኣ'ውን ኣሎ። ወጻኢት ንርከብ ኣይንርከብ ኣብ ሂወትና እንገብሮ ንጥፈታት ብዙሰፉ ክንከዶ ዘኻፍኽር እዩ። ንስድራቤታዊ ክብርታትና ዝገልጽ ናይ ምውርራስ ባህሊ ኣብ ግዜ ቁልዕነትና ዘሎ ናይ ቅንዕና ባህርያት፡ ብቐንዱ ድማ ንመንነትና ክጽድ ተራ ናይ ፈትሊ ሕብርታት ዘንጸባርቕ ፍርያት፡ ሓደ ካብ'ቶም ዝጥቀመሎም ትውክልትታት እዮም። ብሓፈሻ ኩሎም ስርሓተይ ንውሽጣዊ ስምዒታተይን መዓልታዊ ዘሰላስሎም ሓሳባተይን ዝገልጹ እዮም። ንሓሳባተይ ብሓይሊ ናይ መርፍእ ክወክሎም ድማ መሪጸ።



### ሓይሊ መርፍእን ሓሳባትክን ብኸመይ እዮም ዝነጻ፧

መርፍእ ኣብ ሂወት ንዝሓለፍክዎ ጉዕዞ ትገልጽ ኮይና እያ ትስምዓኒ። መርፍእ ብሓርፋፍን ለማጽን ዓይነት ዓለባታት ሓሊፋ እያ ካብኣ ዝድለ ምስሊ ትፈጥር። ደቃቕ እያ፣ ጫፉ ከኣ በሊሕ እዩ። እቲ ንሳ ትሓልፎ መገዲ ምስ ሓለፈት ግን ትፈጥሮ ጽባቐ ኣለዎ። ሂወትና ብሓፈሻ፡ ሂወተይ ከኣ ብፍላይ ምስ መርፍእ ተመሳሳሊ ዝምድና ኣለዎ። ነቲ ኣብ ሂወት ንሓልፎ ሳዕልን ታሕትን ክንዓምኮት በላሕቲ ክንከውን ከም ዘለና እዩ ዝውክለለይ።

### ዚ ሞያ እዚ ብትምህርቲ ንምህብታሙ ዝወሰድክዮ ስልጠናታት ኣሎዶ፧

ብልምዲ ካብ ፍቕሪ ናይቲ ስራሕ ተበጊሰ እየ ዝሰርሖ፣ ብዙሕ ዝወሰድክዎ ስልጠናታት'ውን የለን። ብፍላይ ኣብ ቅብኣ ክሳብ ሕጂ ስሩዕ ስልጠና ኣይወሰድኩን ዘለኹ። ኣብ ናይ ኢደ ስርሓት ንጥፈታተይ ንኽሕግዘኒ ግን ናይ ቅዲ ኩናን ስልጠና ወሲደ ነይረ። ብዘወሳኺ፡ ንዘጠዛለ ፍርያተይ ኣቕዲመ ብጽሑፍ ናይ ምግላጽ ልምዲ ኣሎኒ። እዚ ድማ ናይ ስነ ጽሑፍ ዝንባለይ ከበቢ ዝገበረ እዩ። ነዚ ብትምህርቲ ንምድራዕ'ውን ሓጸርቲ ናይ ስነ ጽሑፍ ስልጠናታት ወሲደ እየ። ብሓፈሻ ናይ ምሕታት ባህሪ ኣሎኒ። ኣብ ተመሳሳሊ ሞያታት ንዘለዉ ስነ ጥበበኛታት ካብ ተመክሮኦም ክመሃር ብዙሕ ሕቶታት እየ ዝሓትት። ኣብ ቦታ ስርሖም ብምኻድ'ውን ነዊሕ ግዜ ኣሕልፍ እየ። እዚ ድማ ናይ ገዛእ ርእሱ ተራ ነይሩዎ። ነዚ ሞያ ብትምህርቲ ዝያዳ ከማዕብሎ ከም ዘሎኒ ግን እኣምን እየ።

### ናይ መጻኢ መደብኪ እንታይ እዩ፧

ናይ መርፍእ ፈጠራ ብዓለም ደረጃ ዝሰርሓሉ ዓይነት ቅብኣ እኳ እንተኾነ፡ ኣብ ሃገርና ግን ብዙሕ ሰብ ኣብዚ ዓውዲ ዝሰርሕ ኣይረኸብኩን። ብፍላይ ኣብ ከሊ ሞያ ቅብኣ ዘለዉ ሰባት፡ ብመርፍእ ዝሰርሑን ናብ ህዝቢ ዘቕረብዑን ስነ ጥበበኛታት ኣይረኸብኩን ዘለኹ። ስለዚ፡ ናይ መርፍእ ቅብኣ ዝያዳ ብዕምቆት ክሰርሓሉ እደሊ። መርፍእ ከኣ ከም ጓል ኣንስተይቲ ብፍሉይ ትብጽሓኒ ኮይና ስለ ዝስምዓኒ፡ ብዙሕ ስራሕ ይጸንሓኒ ኣሎ።

### ኣብ መወዳእታ ናብ ደቂ ኣንስትዮ ተመሓላልፍዮ መልእኽቲ እንታይ እዩ፧

ንደቂ ኣንስትዮ፡ ብዘለኽን ትሕዝቶ ሓኹትኩት በላ እየ ዝብለን። ኣብ ገዛና እታ ዝኣሰት ንበረት መርፍእ እያ። ከም ደቂ ኣንስትዮ ከኣ ብጥበባዊ ዓይኒ ናይ ምርኣይ ኣጠማምታ ኣለና። ስምዒታውያን ኢና፣ ገለጽቲ'ውን ኢና። እዚ ከም ዓቢ ጸጋ ክንቆጽሮ ኣለና።

ስለዚ፡ ብሓፈሻ ጸጋታትና ከለለ፡ ብዘለና ጸጋታት ሓያል ናይ ስራሕ ተበግሶ ክህልወና እላቦ። ሰባት ኩሉ ዘድልየና ጸጋታት እንተ ረኺብና'ውን ኣይንሰርሕን ኢና። መሃዝቱ ምስ ሕጽረት ናይ ጸጋታት እዩ ዝመጽእ። ኣብ ውሑድ ጸጋታት ናይ ምትዕጽጻፍ ወኒ ኢና ነማዕብል። ስለዚ፡ ኩሉ ጠለባት ክሳብ ዝማላእ ኣይንጸበ፣ ምኽንያቱ ከልምሰና ስለ ዝኽእል።

የቐንየለይ!

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ክረምታዊ ውድድር ግራስ ሩት ኣትለቲክስ ዞባ ማእከል ፈሊሙ



ዓመታዊ ብምትሕብባር ጨንፈር ስፖርትን ፌደረሽን ኣትለቲክስ ዞባ ማእከልን ኣብ መንጎ 16 ንኡሳን ዞባታት ዝካየድ ውድድር ኣትለታት ግራስ ሩት፡ ትማሊ ዓርቢ 2026 ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ፈሊሙ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ትሕቲ 13 ዓመት ናይ 50 ሜትሮ፡ ትሕቲ 15 ዓመት 100ን 400ን ሜትሮ ከምኡ'ውን ናይ ትሕቲ 17 ዓመት 200 ሜትሮ ብኽልቲኡ ጾታ መጻረዪ ውድድር ተኻይዱ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ 3000 ሜትሮ ትሕቲ 17 ዓመት ብኽልቲኡ ጾታ ናይ ፍጻመ ውድድር ተሰላሲሉ። በዚ ከኣ፡ ፋኒኤል ተስፋይ - በሪኽ፡ ሃብተማርያም ብርሃ - ኣቦሻውል፡ ኤሾን ገብረሂወት - ጸጸራት፣ ከምኡ'ውን ኣብርሃት ብርሃ - በሪኽ፡ ቤትኤል ዞርያስ - ሰረጀቓ፡ የሩሳሌም እዮብ - በሪኽ ኣኣብ ጾታኦም ተዓዊቶም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣቐዲሙ ኣብ ዝጀመረ ውድድር ኵዕሶ እግሪ፡ ትሕቲ 15 ዓመት ደቂ ተባዕትዮ፡ ኣቦሻውል ንቲራቮሎ 2-ብ0፡ ፓራዳይዝ ንሰረጀቓ 3-ብ1፡ ማይ ተመናይ ንዕዳጋ ሓሙስ 1-ብ0፡ ገዛ ባንዳ ንጋላ ኣፍሓ. 2-ብ1፡ ጎዳይፍ ንገጀረት 2-ብ0 ክስዕርኣን እንከለዋ፡ ኣርባዕተ ኣስመራን ማእከል ከተማን ግን፡ 1-ብ1 ተፈላልየን።

ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ድማ፡ ፓራዳይዝ ንኣኽርያ 3-ብ0፡ ማይ ተመናይ ንኣቦሻውል 2-ብ1፡ ዕዳጋ ሓሙስ ንበሪኽ 3-ብ2 ስዒረንኣን።

ኣብ ሜዳ ቤት/ት/ ባርካን ቀይሕ ባሕርን ተሰሪዑ ዝነበረ ናይ ሳልሳይ ምድብ ጸወታታት ግን፡ ብሰንኪ ዝናብ ተቛሪጹ።

ብቐዳሚ ትማሊ ኣብ ዝነበረ ጸወታታት ድማ፡ ኣብ ትሕቲ 13 ዓመት ደቂ ተባዕትዮ፡ ማይ ተመናይን ዕዳጋ ሓሙስን 2-ብ2፡ ጋላ ኣፍሓ.ን ገዛ ባንዳን 0-ብ0 ክፈላለያ እንከለዋ፡ ገጀረት ንጎዳይፍ 4-ብ1፡ ኣኽርያ ንበሪኽ 2-ብ0፡ ኣርባዕተ ኣስመራ ንማእከል ከተማ 5-ብ1፡ ሰምበል ንጸጸራት 5-ብ4፡ ፓራዳይዝ ንሰረጀቓ 4-ብ1 ስዒረንኣን።

ብናይ ደቂ ኣንስትዮ፡ ገዛ ባንዳ ንጋላ ኣፍሓ. ብገፊሕ 4-ብ0 ክትስዕራ እንከላ፡ ጸጸራት ንሰምበል 2-ብ1፡ ኣኽርያ ንበሪኽ ከምኡ'ውን ቲራቮሎ ንኣቦሻውል ብተመሳሳሊ 1-ብ0 ስዒረንኣን።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ቀዳም ናይ ትሕቲ 17 ዓመት ክልቲኡ ጾታ ኣብ ኣርባዕተ ሜዳታት ብዝካየዱ ጸወታታት፣ ከምኡ'ውን ብውድድር ኣትለቲክስ ብዝተፈላለየ ርሕቀትን ዕድመን ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ቀጺሉ ክውዕል ምዃኑ ተሓቢሩ።

## ኣድልዎ ንዝገበሩ ተጻወትቲ፡ 10 ግጥማት መቕጻዕቲ

ማሕበር ኵዕሶ እግሪ እንግሊዝ፡ ኣድልዎ ብምግባሩ ገበኛ ኮይኑ ዝተረኸበ ተጻዋታይ፡ እንተውሓደ 10 ግጥማት ክቕጻዕ ምዃኑ ኣፍሊጡ።

እዚ ማሕበር፡ ኣብ 2019-20 ብዘውጸኦ ኣብ ዓሌት፡ ሕብሪ፡ መበቆል፡ ሃገራውነት፡ ጾታ፡ ሰንክልናን ካልእን ኣድልዎ ንዝገበረ ተጻዋታይ፡ እንተውሓደ ሽዱሽተ እንተበዝሐ ከኣ 12 ግጥማት ዘቕጽዕ ሕጊ ኣተኣታትዩ።

በዚ ናይ ሕጂ ዝተረረ ዝበሎ ሕጊ ግን፡ እንተውሓደ 10 ግጥማት ክቕጽዕ ምዃኑ፡ ቀዳሚ ምጅማር ዓመተ ጸወታ 2026-27 ሓቢሩ ኣሎ። እዚ "ንኵዕሶ እግሪ ናጻ ካብ ኣድልዎ" ንምግባር ዝተረረ ሕጊ፡ ንኣሰልጠንቲን ኣብ ቦታ ተኻእኽ ዝለዉ ውልቀ ሰባትን'ውን ዘጠቓልል እዩ።

## ሙድሪክ ተመሊሱ

ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ ክለብ ቸልሲ - ማይካይሎ ሙድሪክ፡ ናብ ጸወታ ክምለስ ተፈቒዱሉ - ዝነበሮሉ ናይ ኣርባዕተ ዓመታት መቕጻዕቲ ድሕሪ ምልዓሉ።




ሙድሪክ፡ ክልኩል ነገር ኣብ ደሙ ብምጽንሑ፡ ካብ ታሕሳስ 2024 ጀሚሩ ንኣርባዕተ ዓመታት ካብ ወግዓዊ ጸወታ ክእለ፡ ብማሕበር ኵዕሶ እግሪ ተቐጺዑ።

ይኹን እምበር፡ ወከልቲ ዓለምለኻዊ ጸረ ሓደሊ ዝሁብ መደሃኒት (ዋዳ) ድሕሪ ዝገበርሉ መርመራ፡ ኣብ ኑብሱ ንመቕጻዕቲ ዘይብቕዕ ትሑት ዓቐን ናይቲ ክልኩል ነገር ከምዝጸንሐ ብምግላጹ፡ ቤት ፍርዲ ዕርቂ ስፖርት፡ ናብ ጸወታ ክምለስ ኣፍቂዱሉ ኣሎ።

ንኣስታት 20 ኣዋርሕ ካብዚ ዓውዲ ተኣልዩ ዝጸንሐ እዚ ዩክረይናዊ፡ ናጻ ስለ እተባህለ ሕጉስ ምዃኑ ዝሓበረ ኮይኑ፡ ኣብ ናይ ጸወታ ግዜኡ ዝኸበደ እዋን ከምዝሕለፈ ግና ገሊጹ።

ቸልሲ ድማ፡ እዚ ተጻዋታይ ናብ ምሉእ ቁመና ክትመልሶ ከምእትሰርሕ ብምግላጽ፡ ኣብዚ ናይ ቅድመ ወቕቲ ተኻይዶ ዘሎ ዙር ከጸንበራ ምዃኑ ኣፍሊጣ።

## ኣርሰናል፡ ምስ ጉማረሽ ተሰማሚዓ

ናይ ዝሓለፈ ወቕቲ ሻምፕዮን ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ዝኾነት ኣርሰናል፡ ንኣኽፋፋሊ ኒውካስል - ብሩኖ ጉማረሽ ንምፍራም ተሰማሚዓ።

ኣርሰናል፡ ነዚ ኣቐዲሙ ኣብ ውልቃዊ ጉዳያት ዝተሰማምዓ ብራዚላዊ ንምውናን፡ ንኒውካስል 77 ሚልዮን ፓውንድ (ተወሳኺ መቐሸሽ ዘለዎ) ክትከፍላ ተሰማሚዓ። ጉማረሽ፡ ክሳብ ሰነ 2031 ዝጸንሐ ውዕል ክፍርም ምዃኑ ይግለጽ።

ዝሓለፈ ክረምቲ ንኣሌክሳንደር ኢሳቕ ዝለቐቐቶ ኒውካስል፡ ኣብዚ ክረምቲ'ውን ንወሰንቲ ተጻወትቲ ኣንቶኒ ጎርደን፡ ሳንድሮን ቶናሊን ብተኸታታሊ ናብ ባርሴሎናን ዩቨንቱስን ከምዘሰደደቶም ይፍለጥ።

ብቐድሚ ትማሊ ከኣ፡ ኣብ መጋቢት 2025 ናይ 56 ዓመታት ጽምኢ ዋንጫ ዘጥለለላ ዓላማኣ ኤዲ ሃው ጉዲፋዋ እዩ።

## ፌደረሽናት ዓለም፡ ንእማመ ፊፋ ነጺገንኦ

### ኮንፈደረሽን ኵዕሶ እግሪ ኣፍሪቃ፡ ዛጊት ውሳነኡ ኣየፍለጠን

55 ሃገራት ኤውሮጳ፡ ድሕሪ'ቲ ብጠለብ ማሕበር ኵዕሶ እግሪ ኤውሮጳ (ዩኤፋ) ዝሓለፈ ሓሙስ ዘካየዳኦ ህጹጽ ኣኼባ፡ ካብ ዋንጫ ዓለም ክበኹራ ወሲነን - እንተደኣ ፊፋ ብርኽታት ዋንጫ ዓለም ናብ ውልቃውያን ጉጅለታት ሸይጡዎ።




ብፕረዚደንት ጃኒ ኢንፋንቲኖ ዝምራሕ ፊፋ፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ንንእሽ ብርኽታት ዋንጫ ዓለም ክልተኡ ጾታታት ናብ ዕዳጋ ብምውራድ፡ ኣውፈርቲ ክውንንዎ ዝኽእሉ ሓሳብ ምንቃሉ ይፍለጥ።

ፊፋ፡ ናብቶም 211 ኣባላቱ ኣብ ዝሰደዶ መልእኽቲ፡ ክሳብ 19 መስከረም ውሳኔአን ክፍልጣ፣ ምስዚ ሓሳብ እንተተሰማሚዐን ከኣ፡ ኣብ ኣርባዕተ ዓመታት ንነፍሲ ወከፍ ሃገር ዝህብ ዝነበረ ሸሞንተ ሚልዮን ዶላር ናብ 20 ሚልዮን ዶላር ከዕብዮ ምዃኑ ኣፍሊጡወን።

ብኣጋኡ'ውን ንውሳኔታት ፊፋ ዘይተቐበለኦን ኣብ ናይ ፍጻመ ጸወታ ዋንጫ ዓለም 2026 ብምብጻር ቅሬታኡ ዝገለጸን ብኣሌክሳንደር ሰፈርን ዝምራሕ ዩኤፋ፡ ብቐድሚ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ምስ 55 ሃገራውያን ፌደረሽናት ህጹጽ ኣኼባ ኣካይዱ።

ውሳኔ ናይቲ ዓበይቲ ሃገራውያን ጋንታታት ዓለም ጀርመን፡ ፈረንሳን እንግሊዝን ከምኡ'ውን ናይ 2023 ብደቂ ኣንስትዮን ኣብ 2026 ድማ ብደቂ ተባዕትዮን ሻምፕዮን ዓለም ስጳኛ ዝርከብኦ ማሕበር ከኣ ንሕቶ ፊፋ ዘጸግ እዩ።

"ዩኤፋን ሃገራውያን ፌደረሽናትን፡ ኣብቲ ፊፋ ዘውድቦ ውድድራት ኣይሳተፉን እዮም።" ክብል ድማ፡ ሓሳባት ፊፋ እንተቐጺሉ፡ ካብ ዋንጫ ዓለምን ካልኦት ንሱ ዝሰርዖም ውድድራትን ክበኹሩ ምዃኖም ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ ኣፍሊጡ።

ንጠለባት ፊፋ ዓቢ ጸፍዒት ዝኾነት ከኣ፡ ድሕሪ ውሳነ ዩኤፋ፡ ኮንመቦል (ኮንፈደረሽን ሰሜንን ደቡብን ኣመሪካ ምስ ካሪብያን ብድምር 35 ሃገራት ዝሓዘ) ከምኡ'ውን 46 ሃገራት ዝሓዘ ኮንፈደረሽን ኵዕሶ እግሪ ኤሽያ ኺኒዮም ኣለዉ። ኮንመቦል፡ ዋንጫ ዓለም 2026 ዝሰናደኣ ሰለስተ ሃገራት ኣመሪካ፡ ካናዳን መክሲኮን ዝሓዘ እዩ።

በዚ ድማ፡ ድሮ 136 ሃገራት ኣንጻር መደብ ኢንፋንቲኖ ደው ኢለን ኣለዋ።

እንተ ኮንፈደረሽን ኵዕሶ እግሪ ኣፍሪቃ (ካፍ)፡ ዛጊት መርገጺኡ ኣየፍለጠን ዘሎ። ዝመጽእ ሰሙን ሰሉስ ኣብ ዘሎ ኣኼባ ከኣ፡ ብዛዕባዚ ጉዳይ ክዘራረብ ምዃኑ ኣፍሊጡ ኣሎ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኮንፈደረሽን ኵዕሶ እግሪ ኤሽያ ንሓሳብ ፊፋ ድሕሪ ምንጻጉ፡ ላዕለዋይ ኣማኻሪ ጃንዲ ኢንፋንቲኖ ዝነበረ - ካርሎስ ኮርደኢሮ፡ ካብ ስርሑ ብጽኡ ፍቓዱ ወሪዱ። "ንኵዕሶ እግሪ ሕማቕ ውዕል እዩ፣ ንመጻኢ ኵዕሶ እግሪ ጅህ ዝሕዞ እዩ።" ክብል ድማ፡ ንእማመ ኢንፋንቲኖ ገሊጽዎ።

እንተ ፊፋ፡ ድሕሪ'ቲ ዝወርዶ ዘሎ ሰፊሕ ነቐፌታ ትማሊ ዓርቢ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ "ንኵዕሶ እግሪ ዝሸጦ ዝኾነ ወገን የለን።" ክብል ናይ ምምኽኻር ማስርሕ ሰሪ ጌጋ ጸብጻብት ማዕከናት ዜና ከምዝተኾልፈ ሓቢሩ፡ መደብኡ ክቕጽሎ ምዃኑ'ውን ተመልኪቱ።

እዚ ጉዳይ፡ ኣብዚ እዋን ናይ ኵዕሶ እግሪ ዝዓበየ ኣርእስቲ ኮይኑ ኣሎ። ኣብ መጋቢት 2027 ፕረዚደንታዊ ምርጫ ዘካይድ ፊፋ ከኣ፡ ሓሳቡ ብዘለዎ ደየ ክቕጽል ወይስ ከቋርጽ፡ ኣብ ዝቕጽሉ መዓልታት ክርአ ትጽቢት ይግበር።

### መደብ ጸወታ

**ሰንበት**

ካልኣይ እግሪ መጻረዪ ጸወታ (Play-off) ሻምፕዮን ክለባት ኤርትራ 2026 ኣብ ስታድዩም ኣስመራ

ኣልታሕሪር - ኣል ሂላል 8:00 ቅ.ቀ

ኣዱሊስ - ማይ ኣደከሞም 10:00 ቅ.ቀ

## ባረሲ ዓሪፉ

ኣብ ታሪኽ ኵዕሶ እግሪ ሓደ ካብ ናይ ኩሉ ግዜ ዝበለጹ ተኸላኸልቲ ምዃኑ ዝምስከረሉ - ፍራንኮ ባረሲ፡ ትማሊ ዓርቢ ኣብ መበል 66 ዓመቱ ሞይቱ።

20 ዓመታት (1977 ክሳብ 1997) ዝወሰደ ምሉእ ናይ ጸወታ ግዜኡ ኣብ ኤሲ ሚላን ጥራይ ዘሕለፎ ባረሲ፡ ን15 ዓመታት ሓለቓኣ ኮይኑ መሪሕዋ። ሽዱሽተ ናይ ሰሪኣን ሰለስተ ሻምፕዮንስ ሊግን ዝርከብዎም 19 ዋናጩ'ውን ኣልዒሉ።




ኤሲ ሚላን ከኣ፡ ንኽብሩ፡ ዝለብሶ ዝነበረ ቁጽሪ 6 ማልያ ድሕሪኡ ዝኾነ ተጻዋታይ ከምዘይለብሶ ብምግላጽ፡ ካብ ኣገልግሎት ወጻኢ ገይራታ።

ባረሲ፡ ንሃገራዊት ጋንታ ኢጣልያ'ውን፡ ካብ 1982 ክሳብ 1994 ኣብ 81 ግጥማት ወኪሉዋ እዩ።

## ቸልሲ ተቐጺዓ

እንግሊዛዊት ክለብ ቸልሲ፡ ምስ ክፍሊትን ዘይሕጋዊ ምስግጋር ተጻወትቲን ብዝተኣሳሰር ሕግታት ምጥሓሳ፡ 10 ሚልዮን ፓውንድ ተቐጺዓ።

ቸልሲ፡ ካብ 2011 ክሳብ 2018 ኣብ ዘመነ መራሕነት ናይ ቅድም ወናኒኣ ሮማን ኣብራሃሞቪች እንከሎ እያ፡ ኣብ መስርሕ ምስጋገር፡ ብምስጢር 47 ሚልዮን ፓውንድ ዝይተመዝገበ ወከልቲ ከፊላ።

ዚ ጉዳይ ከጻርዮ ዝጸንሐ ማሕበር ኵዕሶ እግሪ እንግሊዝ (ኤፍ.ኤ) ከኣ፡ 10 ሚልዮን ፓውንድን ንክልተ ማዕጾ ምስግጋር ሓደስቲ ተጻወትቲ ከይተፈርምን ቀጺዑዋ። ሽዱሽተ ነጥቢ ካብ ምቕጻዕ ግና፡ ይግባይ ሰሚዒ ረኺባ ድሒና ኣላ።

10 ሚልዮን ፓውንድ፡ ኣብ ምምዕባል ኵዕሶ እግሪ ግራስሩት ክውዕል ምዃኑ'ውን ሓቢሩ - ኤፍ.ኤ።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኢራን፡ ኣብ ኩዌት መጥቃዕቲ ፈጺማ




ትማሊ ዓርቢ፡ ኢራን፡ ከም ግብረ መልሲ ናይቲ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ደሴታታን ወደባታን ዘቶደደቶ ሓያል መጥቃዕቲ፡ ኣብ ልዕሊ ኣብ ኩዌት ዝርከብ መደበር ሓይሊ ኣየር ኣሕመድ ኣል ጃብር መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸመት ሓቢራ።

እቲ ናይ ሰብ ኣልቦ ነፋሪት መጥቃዕቲ፡ ኣብቲ መደበር ንዝርከብ ስትራተጂያዊ መሳለጥያ ኣመሪካ ዒላማ ዝገበረ ምንባሩ ድማ ሰራዊት ኢራን ገሊጹ።

እቲ ሰራዊት ወሲኹ፡ ኣብቲ መደበር ንዝርከብ ነፈርቲ ውግእ ዝሰሻግሉ ሃንገር፡ ስርዓታት መራኸቢ ሳተላይትን መኽዘናትን ከም ዝጠቕዐ ኣፍሊጡ።

ኣመሪካ ብወገና፡ እቲ ኢራን ዝፈጸመቶ መጥቃዕቲ፡ ኣብቲ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ዝርከብ ወተሃደራዊ መዓስከራታ ዝጥቀስ ዕንወት ከም ዘየውረደ ብምግላጽ ምላሽ ሂባትሉ ኣላ።

## ግብጺ፡ ግጭት ማእከላይ ምብራቕ ክሃድእ ጸዊዓ

ፕረዚደንት ግብጺ ዓብደል ፋታሕ ኣል-ሲሲ፡ ሰብ መዚ ሃገሩ ነቲ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ወደብ ዳምያታ ዝተኻየደ ንኽልተ መራኽብ ዒላማ ዝገበረ መጥቃዕቲ ሰብ ኣልቦ ነፋሪት ይምርምሩዎ ከም ዘለዉ። ድሕሪ ምሕባር፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ዝቶዶድ ዘሎ ግጭት ንጸጥታ ናይቲ ዞባ መሊሱ ከየብኣሶ እንከሎ ክሃድእ ጸዊዑ።



ብመሰረት ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ግብጺ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣል ሲሲ ኣብቲ ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ስጳኛ ፐድሮ ሳንቼዝ ዘካየዶ ናይ ቴሌፎን ዝርርብ እዩ ዚ ጻውዒት ኣቕሪቡ።

ኩናት ኢራን ካብ ዝጀመር ንደሓር፡ ትሕተ ቕርጺ ግብጺ ብሰብ ኣልቦ ነፋሪት ክሀረም ሕጂ ንመጀመርያ እዋን ኮይኑ፡ ነቲ መጥቃዕቲ ክሳብ ሕጂ ዝኾነ ኣካል ሓላፍነት ኣይወሰደሉን ዘሎ።

ፕረዚደንት ኣል ሲሲ ወሲኹ፡ ሃገሩ፡ ኤውሮጳን ማሕበረሰብ ዓለምን፡ ቅልውላው ናይቲ ዞባ ንምህዳእ ተራኦም ክጻወቱ ተማሕጺኑ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ግብጺ፡ ሓንቲ ካብዩ ከም ዝተበገሰት ዘይተፈልጠት ሰብ ኣልቦ ነፋሪት፡ ንሓንቲ ዋንነት ኣመሪካ ዝኾነት ጉዳይ ዝጾዓነትን ካልእ መርከብን ዒላማ ከም ዝገበረቶ ምሕባሩ ዝዝከር እዩ።

## ኤውሮጳ፡ 434 ሽሕ ሄክታር መሬት ብባርዕ ሓዊ ተሃሚኹ

ኣብዚ ዓመት እዚ፡ ኣብ መላእ ኤውሮጳ ልዕሊ 434 ሽሕ ሄክታር መሬት ብባርዕ ሓዊ ከም ዝተሃምኸ፡ ኮሚሽን ቁጠባ ኤውሮጳ ኣፍሊጡ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ፈረንሳ ብጽሕዲ ተሸፊኑ ዝነበረ ኣስታት 42 ሽሕ ሄክታር፡ ኣብ ስጳኛ ከኣ ልዕሊ 200 ሽሕ ሄክታር ጫካ ብባርዕ ተሃሚኹ ከም ዘሎ ገሊጹ።

እቲ ኮሚሽን ወሲኹ፡ ኣብዚ ኣቲናያ ዘሎና ወርሒ ነሓሰ ክህሉ ብዝኽእል ልዑል ሙቐት፡ ደርቅን ሓያል ንፋስን፡ ኣብ ግሪኽን ኢጣልያን እውን ባርዕ ጫካ ክኸሰት ልዑል ተኽእሎ ከም ዘሎ ኣጠንቂቑ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ 2026 ኣብ ኣመሪካ ከባቢ 2 ሚልዮን ሄክታር፡ ኣብ ካናዳ ድማ ልዕሊ 3.7 ሚልዮን ሄክታር መሬት ብባርዕ ሓዊ ከም ዝሃደደ ጸብጻባት ኣመልኪቶም።

ባርዕ ጫካ፡ ብዘይካ እቲ ዘውርዶ ቁጠባውን ሰብኣውን ክሳራታት፡ እቲ ናብ ህዋ ዝተፍኦ ትኪ ክሳብ ኣሽሓት ኪሎ ሜተር ብምጉዓዙ ንጽሬት ኣየር ኣጉዲሉ ናይ ምስትንፋስን መትኑልባውን ጸገማት ከም ዘስዕብ እየም ክኢላታት ጥዕና ዝገልጹ።

እቶም ክኢላታት ወሲኾም፡ ቀንዲ ጠንቂ ተደጋጋሚ ክስተታት ባርዕ ጫካ ምውሳኽ ክሊማዊ ዋዒ ምዃኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ እቲ ብተደጋጋሚ ዘጋጥም ዘሎ ባርዕ ጫካ ከኣ ንክሊማዊ ዋዒ መሊሱ ከም ዝውስኽ ብምግባር ከምልጠሉ ኣብ ዘይኽእል ሓደገኛ ኩነታት ክኣቱ የገድድና ከም ዘሎ ኣረዲኦም።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ካብ ዓሰርተ እቶም 9 ሓደጋታት ባርዕ ጫካ፡ ብሰንኪ ንጥፈታት ወዲ ሰብ እዮም ዝኸሰቱ ዘለዉ።



## ስዑዲ ዓረብ፡ ናይ ምክልኻል ጥምረት ትምስርት

ስዑዲ ዓረብ ምስ ካልኦት 13 ሃገራት ብምዃን ብመጻብቦ ባብ ኤል መንደብ፡ ቀይሕ ባሕርን ወሽመጥ ዓደንን ንዝቶዶድ ናጻ ምንቅስቓስ ናይ መራኽብ ንምውሓስ ዝንገረሉ የመናዊ ምንቅስቓስ ሑቲ ከኣ ካብ ዝሓለፈ ቀረባ ሳምንታት ጀሚሩ ኣብ ልዕሊ ብኣህጉራዊ ማያዊ መስመር ቀይሕ ባሕሪ ዝሓልፋ መራኽብ መጥቃዕትታት



ናይ ባሕሪ ሓባራዊ ወተሃደራዊ ጥምረት ከም ዝመስረተት ሓቢራ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ስዑዲ ዓረብ፡ እቲ ሕብረ-ሃገራዊ ዝኾነ ናይ ምክልኻል ጥምረት፡ ነቲ ኣብ ባሕሪ ዝቶዶድ ሓባራዊ ናይ ምክልኻል ምትሕብባር ንምሕያል ዓሊሙ ዝቖመ ምዃኑ ገሊጹ።

እተን ኣብዚ ሕብረት ኣቕሙን ዘለዋ ሃገራት፡ ቀንዲ ዕላማአን ቡየም ንህንዳዊ ውቅያኖስን ማእከላይ ባሕርን ዘራኽቡ ሰለስተ ስትራተጂያውያን መስመራት ንዝቶዶድ ኣህጉራዊ ናይ ንግዲ ምንቅስቓሳት ንምውሓስን ናጻ ምንቅስቓስ መራኽብ ንምርግጋጽን ከም ዝኾነ ድማ ወሲኹ ኣመልኪቱ።

እቲ ስጉምቲ፡ ኩናት ኢራን ነቲ 20 ሚእታዊት ካብ ኣህጉራዊ ቀረብ ነዳዲን ጋዝን ዝመሓላለፍ መጻብቦ ሆርሙዝ ንኻልኣይ ግዜኡ ድሕሪ ምዕጻዉ እዩ ዝወሰድ ዘሎ።

ምስ ኢራን ምትእስሳር ከም ዘለዎ ዝንገረሉ የመናዊ ምንቅስቓስ ሑቲ ከኣ ካብ ዝሓለፈ ቀረባ ሳምንታት ጀሚሩ...

ከኪይድ ጀሚሩ ምህላዉ እዩም ምንጭታት ዝሕብሩ።

እቲ ብስዑዲ ዓረብ ዝምራሕ ዘሎ ናይ ምክልኻል ሕብረት፡ ንቱርኪ፡ ኩዌት፡ ባሕረይን፡ ቀጠር፡ ዮርዳኖስ፡ ግብጺ፡ ፓኪስታን፡ ጅቡቲ፡ ሶማል፡ ጥምሊይሽ፡ የመን፡ ሱዳንን ኮሞሮስን ዝሓቆፈ ምዃኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

እተን ኣባላት ናይዚ ጥምረት ዝኾና ሃገራት ኣብ ምሕላው ናይቲ ማያዊ መስመር እንታይ ዓይነት መራኽብ ወይ ነፈርቲ ከም ዘበርክታ ግና ኽሳዕ ሕጂ ኣይተፈልጠን ዘሎ።

እንተኾነ፡ እተን ሃገራት፡ ከም ሓበሬታ ምክፋል፡ ስርሒታዊ መደባት ምውጻእ፡ ከምኡ'ውን ሓባራዊ ወተሃደራዊ ልምምዳትን ናይ ባሕሪ ስርሒታትን ምክያድ ዝኣመሰሉ ንጥፈታት ከም ዘሰላስላ ይሕበር ኣሎ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ስዑዲ ዓረብ ኣብ መወዳእታ፡ እቲ ወተሃደራዊ ጥምረት፡ ንምክልኻል ጥራይ ዓሊሙ ዝተማስረተን ንዝኾነት ሃገር ዒላማ ዘይገብርን ከም ዝኾነ ኣፍሊጡ።

## ሓማስ፡ ምስ 'ቦርድ ሰላም' ኣብ ስምምዕ በጺሑ

ምንቅስቓስ ሓማስን ካልኦት ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ዝርከቡ ዕጡቓት ጉጅለታትን፡ ብቦርድ ሰላም ዕጥቆም ክፈትሑ ንዝቐረበሎም መደብ ከም ዝተቐበልዎ ተሓቢሩ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ነቲ ሓማስን ካልኦት ዕጡቓት ጉጅለታትን ዝተሰማምዕሉ መደብ፡ "ናብ ሰላምን ጸጥታዊ ምርግጋጽን ዝወስድ ዓቢ ስጉምቲ" ክብል ገሊጽዎ ኣሎ።

ኣብቲ ዝቶዶድ ዘሎ ዝርርብ ንሓማስ ወኪሉ ዝሳተፍ ዘሎ ጋዚ ሓማድ፡ ሓይልታት እስራኤል ግዴታታቶም ክፍጽሙ እንተ ዘይክኢሎም፡ ሓማስ ነቲ ዝተበጽሐ ስምምዕ ከም ዘይተግብሮ ኣጠንቂቑ ኣሎ።

እቲ ብዓል ስልጣን ወሲኹ፡ ትግባረ ናይቲ ስምምዕ ኣብ ምንሳሕብ ሓይልታት እስራኤል ካብ ወሽመጥ ቓዛ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ጌጋስ ዳግመ ህንጸት ናይታ ወሽመጥ ከም ዝምርኮስ ኣገዲሑ ኣሎ።

እስራኤል ግን ብዛዕባ'ቲ ዝተበጽሐ ስምምዕ ኣመልኪታ ዛጊት ዝኾነ ርእይቶ ኣይሃበትን ዘላ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ብማሕበራዊ መራኸቢ 'ትሩዝ ሶሻል' ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕ፡ ወሽመጥ ቓዛ ብሓደሽ ፍልስጤማዊ መንግስቲ ንኽትመሓደርን እስራኤል ከኣ ጸጥታዊ ውሕስነት ንኽትረኽበን ዘኽእል ኣገዳሲ ስጉምቲ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ብተወሳኺ፡ ሓማስን ኣብታ ወሽመጥ ዝርከቡ ካልኦት ዕጡቓት ጉጅለታትን ዕጥቆም ምስ ኣውረዱ፡ እቲ ዕጥቂ ናብቲ ንወሽመጥ ቓዛ ከመሓድር ዝተመዘዘ ሃገራዊ ኮሚቴ ክርከብ ምዃኑ፡ ምስቲ ዝዕባ ቅርበት ዘለዎም ወገናት ይሕብሩ ኣለዉ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ኹት | 01/08/2026 | ጎደና ኣፍዓበት ቁ.209፡ ፊት ሆስፒታል ዕዳጋ ሓሙስ | 125154 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565